
*Remembering Eritrean heroes in contemporary history*

*A Short Biography*

*Of*

# Negash Bayrau (Negash Sagla)



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*


*2012*

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

# ሓጺር

# ታሪኽ ሂወት

# ነጋሽ ባይራኡ (ነጋሽ ሳግላ)




ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

# ነጋሽ ባይራኡ (ነጋሽ ሳግላ)

ኣቶ ነጋሽ ባይራኡ፡ ኣብ ጣልያን ተዓስኪሮም ብሉቕባሻትን ሙንጣዛትን[1] ዝነበሩ ደቂ ዓዶም፡ "ኔል ሚለ ኖቨ ቸንቶ ቬንቲ ኡኖ (1921) መስከረም ኢ.ኻ ተወሊድካ፡" ይብሉዎም ከም ዝነበሩ ይዝክሩ። ኣቶ ነጋሽ ሳግላ እዩ ዓዶም። ብነጋሽ ሳግላ ዝፍለጡሉ ምኽንያት እምበኣር፡ ሳግላ፡ ዓዲ ትውልዶም ስለ ዝኾነ እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ንባዕሉ፡ ካብቲ ንኡስ ኣርእስቲ ናይዚ መጽሓፍ ኣትሒዝካ ብነጋሽ ሳግላ ዝጽውዑሉ ይበዝሕ። ኣቦኦም ኣይተ ባይራኡ ስሂን ይበሃሉ፡ ኣዲኦም ከኣ ወይዘሮ ኣምለሱ ምራጭ። መበቈላዊ ዓዶም'ኳ መስሓል (ወደከለ) እንተ



[1] ብሉቕባሽን ሙንጣዝን፡ ንመግዛእቲ ጣልያን ዘገልግሉ ንዝነበሩ ኤርትራውያን ዓሳክር ዝወሃብ ዝነበረ መዓርጋት ኮይኑ፡ ካብቲ ዝለዓለ በብደረጃኡ እዝባሽ፡ ሹምባሽ፡ ብሉቕባሽ፡ ሙንጣዝ እናበለ ንታሕቲ ይወርድ።

ኾነ፡ ኣቦኦም ንሕርሻ ክጥዕሞም ኢሎም መጀመርታ ኣብታ ኣካል መስሓል ዝኾነት ክሳድ ብሩኽ ድሕሪ ምስፋር፡ ጸኒሖም ጥሪት ምስ'ብዝሖ ክሳድ ብሩኽ ገዲፎም ከም ብዙሓት ደቂ ዓዶም ንደቡባዊ ምዕራብ ናብቲ ዕምቆ ዝበለ ሓውሲ ቆላ ምድሪ መስሓል ወሪዶም ኣብ ሳግላ ኣጣየሱ።

ኣቶ ነጋሽ፡ "ኣቦይ፡ ቅድመይ ኣዋልድ ጥራይ ይወልዱ ስለ ዝነበሩ፡ 'ወዲ እንተ ወሊደ ነጋሽ ክብሎ እ፡' ኢሎም ኣብ ጥንሲ ኸለኹኦም ሽም ኣውጺኦምለይ፡" ይብሉ። ገና ቈልዓ ኸለዉ ኣቦኦም ብምማቶም ብንእሽቶኦም ነተን ክንዲ ኣደን ኣቦን ኮይነን ዘዕብያኦም ዝነበራ ወላዲቶም ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ከም ዝተሰከሙ ድማ ይገልጹ።

ብርክት ዝበላ ጥሪት ስለ ዝነበራኦም፡ ጸባ ጸገብ ኮይኖም ከም ዝዓበዩ ዘዕልሉ ኣቶ ነጋሽ፡ ካብ ወዲ 10 ክሳብ ወዲ 12 ዓመት ኣቢሎም ቀትሪ ቐትሪ እናጓሰዩ ለይቲ ለይቲ ኣብ ትሕቲ'ቶም ኣብ እንዳ መድሃኔ ኣለም ሳግላ ብማሕድሮ ዘገልግሉ ዝነበሩ ቀሺ ሃይሉ ብስራት ዝብሃሉ በዓል ማይ ጻዕዳ (ወደከለ) መንፈሳዊ ትምህርቲ ቐሲሞም ጸሎት ክሳብ ውዳሴ ማርያም፡ ንባብ ከኣ ክሳብ ዳዊት በጽሑ።

ኣብቲ ዝኾተቱሉ ጊዜ፡ ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስ ወረረ ንትግራይ ዝሓልፍ ጽርግያ ቐጥራን ይሰራሕ ስለ ዝነበረ፡ ጕስነት ገዲፎም ኣብ ሽቕለት ብምእታው ክሳዕ ምጅማር ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ካብ ከባቢ ዓዶም ከይረሓቑ፡ ሰራሕተኛ ጽርግያ ኾይኖም ሰድራኦም ይናብዩ ከም ዝነበሩን እቲ ደሓር ናብ ማሰ ዝማዕበለ ናይ ጨፈራ ኽእለቶም ብዝያዳ ኣብቲ እቶም ሽቓሎጽርግያ ሓዊ ኣጕዶም ዝዘናግዑሉ ዝነበሩ ምሸታት ዝተሳሕለ ምዃኑን ይገልጹ። ጽርግያ እናሰርሑ ኸለዉ ቛንቋ ጣልያን ቈርጠምጠም ይብሉ ኸም ዝነበሩን መጽሓፍ ፊደል ጣልያን ዓዲጎም'ውን ኣ ቢ ቺ ዲ (ABCD...) ከም ዝቘጸሩን ከኣ ናይቲ እዋን'ቲ ዝኽርታት እናወረሮም የዕልሉ። ኣቶ ነጋሽ ኣብ እዋን ንእስነቶም ጠይሳ በትሪ ኣብ ቅልጽሞም ዝሰብሩን መዛኑኦም ክልዕሉዎ ዘይክእሉ እምኒ ሓይሊ ሰፍሲፎም ዝፈልዩን ጠንካራ ጕበዝ ከም ዝነበሩ'ውን መተዓብይቶም ይነግሩሎም።

ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብ ዕስራታት ዕድሚኦም ብ1947 ኣቢሎም ማሰ ክብሉ ምስ ጀመሩ ቀልጢፎም ስለ ዝተፈልጡ ናብ መርዓታት፡ በዓላትን ካልእ ውራያትን ከዕደሙ ጊዜ ኣይወሰደሎምን። ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ንትግራይ'ውን ክሳብ መቐለ ተዓዲሞም ብምኻድ ማሰ ዝብሉሉ ይኹን ዘልቅሱሉ ጊዜያት ኔሩ። ግዳም ወጺኦም ዓይኒ እናንቀሑ ስለ ዝኸዱ

ኸኣ ማሰን መልቀስን ከይገደፉ ብንግዲ ክናበሩ ንዛላንበሳ ወጹ።

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ንምድላው ምስ ተሓስበ ኣብታ ዝተወልዱላን ዝዓበዩላን ዓዶም ሳግላ ክሰኣሉ ስለ ዝተደልየ፡ ኣብ ሰማንያን ሓደን ዓመቶም ሰዓትን ፈረቓን ዝወስድ ተሪር ቍልቍለት ክወርዱ ግድን ኮነ። ዓዶም ካብ ዘይረግጽዎ ብዙሕ ዓመታት ጌሮም ስለ ዝነበሩ ኣዝዮም ተደፉንቌ። "ሳግላ፡ ከምዚ ሎሚ ከይጣሕሰሰት ሩባኣ ሳግላ ንሳግላ ምስ ገጠመ መሕለፊ ኣይነበሮን፡ ጸሓይ ከይረኣኻኡ ዝኸየድ ዝነበረ። ብኡኦም ከዓ ነዛ ዓዲ ሳግላ ኢሎማ። ሳግላ፡ ዓዲ መዓር፡ ዓዲ ጠስሚ፡ ዓዲ ሽሻይአ ኔሩ። ጓሳ'ኳ ፍረታት መሮር ሳግላ፡ ዳዕሮ፡ ዓየ፡ ኩመል፡ ጨቐምጠ ቋረፉ ካብቲ ጃሕ ጃሕ ዝብል ዝነበረ ዛራ ማያ እናኣኻፈየ ጠምዩ ኣይኣቱን ነበረ። ብወረ ወይ ብታሪኽ ዘይኮነ ኣብዛ ናተይ ዕድመ ጥራይ ሳግላ ካብ ገነት ዳርጋ ናብ ምድረ በዳ ምቕያራ ይገርመኒ" ብምባል ድማ ነቲ ብሰንኪ ደርቅን ምቕራጽ ኣግራብን ዝዓረቐ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ሳግላ እናረኣዩ ኣስተንተኑ።

ኣቶ ነጋሽ፡ መንእሰይ ከለዉ፡ ባሻይ ተመልሶ ገብረየሱስ ዝብሃሉ ወረጃ ሳግላ፡ ኣይተ ወልደድንግል ይኹኑ ካልኦት ማሰኛታት ዝበሉዎ ማሰን መልቀስን ካልእ ያታታትን ተባህለ እናበሉ ይነግሩዎም ከም ዝነበሩን ብኽእለት ናይ'ቶም ከልቅሱ ዘርከቡሎም ባሻይ መዝገበ ሃይሉ (ኮኾባይ) ይምሰጡ ስለ ዝነበሩ ከምኦም መላቐሲ ክኾኑ ብዙሕ ይምነዩ ምንባሮምን የዘንትዉ።

ኣቶ ነጋሽ ኣብቲ መንእሰይ ማሰኛ ዝነበሩሉ፡ ኣብ መንጎ ምጭባጥ ናጽነትን ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን ርሱን ፖለቲካዊ ቓልሲ ዝተኻየደሉ ጊዜ1940ታትን 1950ታትን ደጋፊ ሕብረት ከም ዝነበሩ ይገልጹ። ጸግዒ ሕብረት ምንባሮም ከኣ፡ ኣብ ናይቲ እዋን'ቲ ማሰኦምን መልቀሶምን ተንጸባሪቑ ንረኽቦ።

ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ልዑል ፈጠራዊ ክእለቶም ንማሰኦም ይኹን መልቀሶም ዘምዕዞ ተፈታዊ ድምጺ ኸም ዝነበሮም'ውን ብዙሓት ማሰ ኽብሉን ከልቅሱን ዝሰምዑዎም ነኣድቲ ይዛረቡሎም። "ይትረፍዶ ሰብሲ ሹሽ ክብል ዝጸንሐ ንፋስ'ውን ነጋሽ ከልቅሱ ኸለዉ ደው ዝብልኡ ዝመስል ዝነበረ፡ ምስቲ ሃሪ ዝመስል ጐተናኦምን ቅጭን ክዳኖምን ከዓ ግርማኦም ሃነን ዘብልኡ ኔሩ፡" ዝብሉሎም ሰባት ድማ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ነጋሽ ሳግላ፡ ማሰኦምን መልቀሶምን ተኣኪቡ ክሕተም ብምሕላን ምስ ኣዳላዊ'ዚ መጽሓፍ ተራኺቦም ፋሕ ኢሉን ተረሲዑን ኣብ ክንዲ ዝተርፍ ተዓቂቡ ንዝመጽእ ወለዶታት ከም ዝመሓላለፍ ብምግባሮም ዓቢ

ሞሳ ይግብኦም። እዚ ስነ ግጥማዊ ፍርያቶም ኣኪብካ ናይ ምሕታም ሓሳብ'ዚ ኣንቂሎም ነዊሕ ዕድመ ክረኽቡ ዕድል ስለ ዝገበሩ ድማ፡ ሓደ ኻብ'ቶም ብዙሕ ማሰን መልቀስን ዝተሰነደሎም ውሑዳት ማሰኛታት ክኾኑ በቒዖም ኣለዉ።

ማሰን መልቀስን ኣቶ ነጋሽ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ተኸፋፊሉ እዩ ኣብዚ ቐዳማይ መጽሓፍ "**ማሰን መልቀስን ቀዳሞት**" ቀሪቡ ዘሎ። እቲ ቐዳማይ መድረኽ፡ ካብቲ ማሰን መልቀስን ዝጀመሩሉ ካልኣይ መፋርቕ 1940ታት ክሳዕ ምፍራስ ፌደረሽን (1962)ንዝነበረ እዋን ዝሽፍን ክኸውን ከሎ፣ እቲ ኻልኣይ፡ ካብ ምፍራስ ፌደረሽን ክሳዕ'ቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ደርግ ንዕኦምን ንኣቶ ገብረመድህንን "ንሃይለስላሴ ማሰ ትብሉሉ ኔርኩም፥" ኢሉ ምስ ኣሰሮም፡ ኣቶ ነጋሽ፡ ማሰን መልቀስን ዘቋረጹሉ 1975 ዝቐጸለ መድረኽ'ዩ። እቲ፡ ብሰንኪ'ቲ ንማሰን መልቀስን ዘይጥዕም ዝነበረ ኩነታት፡ ማእሰርትን ሞትን ዝመልእ ዘመን ደርግ ን15 ዓመታት ዝኸውን ኣቋሪጸም ድሕሪ ምጽናሕ ብ1990 ሰንዓፈን ከባቢኣን ዝርከቦ ዓቢ ኽፋል ደቡባዊ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ምስ ወጸ ማሰ ኽብሉን ክልቅሱን ናጽነት ብምርካቦም ዝተጀመረ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን መድረኽ ድማ፡ ኣብ መበል 86 ዓመቶም ብሰነ 2007 ልዑል ጸቕጢ ደም ዝጠንቁ ወቕዒ ኣጋጢሙዎም ጥዕናኦም ምስ ተሰናኸለ ኣብቂዑ።

ንተባህለ ምእንቲ ክጥዕም ገለ ኻብቲ ነጋሽ ሳግላ ምስ ኣቶ ገብረመድህን እናተመላለሱ ዝበሉዎ ማሰን መልቀስን፡ ብናቶም ማለት ናይ ቀዳማይ ኣካል ኣዘናትዋ ከም ዝቐርብ'ዩ ተጌሩ ዘሎ።

እዚ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ተሓቲሙ ዘሎ እኩብ ፍርያት ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ፡ ሓደ ሓደ ብኣርትዖት (editing) ክተርፍ ዝተደልየ ፍርያቶም ገዲፍካ እቲ ዛጊት ብመጽናዕቲ ክርከብ ዝተኻእለ ዘበለ እኩብ ማሰኦምን መልቀሶምን'ዩ። ማሰን መልቀስን ካብ ዝጅምሩ ኣትሒዞም ኣብ ክንደይ መርዓ፡ ቀብርን በዓልን ዝበሉዎ ብምሉኡ ክዝክሩዎ ስለ ዘይክኣሉ፡ ንኹሉ ዝዝክሩ ተባህለ በሃልቲ'ውን ስለ ዘይርከቡ ግን፡ እዚ እኩብ፡ ነቲ ኣብ መዋእሎም ምሉእ ዘፍረዩዎ ማሰን መልቀስን ሓደ ኽፋሉ ጥራይ ክኸውን ግድን'ዩ ። ኣቶ ነጋሽ፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ ተዳልዩ ናይ መወዳእታ መልክዕ ድሕሪ ምሓዙ ብተባህለ ዝተረኽበ ካልእ ማሰን መልቀስን'ውን ኣለዎም። እዚ ተወሳኺ ፍርያቶም ከኣ ኣብቲ ሳልሳይ መጽሓፍ ክቐርብ

ተመዲቡ'ሎ።

ነጋሽ ሳግላ፡ ነዚ ኣብ ዝኸሪ ዝጸንሐ እኩብ ማሰኦምን መልቀሶምን ዝተሓትመሉ መጽሓፍ ክርእዩ'ኳ ልዑል ባህጊ እንተ ነበሮም፡ ብዙሕ ጊዜ ሕጊ ሂወትን ባህርይ መጽናዕትን ስለ ዘይሰማማዕ፡ ብሰንኪ'ቲ ክካየድ ዝነበሮ ምርምራዊ ስራሓት ምድላው ናይዚ መጽሓፍ ነዊሕ እዋን ብምውሳዱ ተሓቲሙ ንምርኣዩ ክይበቕዑ ብ10 ጥቅምቲ 2008 ኣብ 87 ዓመቶም ዓሪፎም፡ ኣብታ ዓደ'ቦሓንታቶም ዝኾነት መስሓል (ወደክለ) ተቐቢሮም። ኣብ ሳልስቱ ብ12 ጥቅምቲ 2008 ኣብ ዝተገብረ ካልኣይ ቀብሮም ናይ ልደን ሞያን መዘናኦም ማሰኛ ገብረመድህን ብስራት፡ "ኣምላኽ ዘሕደረሉ ክብ ዝበለ ጥበብ ዝነበሮ፡ ክም'ቶም ወትሩ ዝዝክሩ ዘለዉ ቐዳሞት ክኢላታት ንኹሉ ሳዕ ክዝክር ዝነብር ናይ ሃገር ክኢላ ንፋነዎ'ለና። መንግስተ ሰማይ የዋርሶ!" ኢሎም ተሰናቢቶሞም። ካብ ሰገነይቲ ዝቐበሩ ማሰኛ ሓድሽ ገብረጊዮርጊስ ከኣ፡ ንዝኸርን ክብርን ኣቶ ነጋሽ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩ።

### ርእሲ ኹሉ

ነግሸየ ኣንቱም ርእሲ ኹሉ
ወዲ ባይራኡ ንጉስ ናይ ብኹሉ
ወዲ ስሂን ንጉስ ናይ ብኹሉ
ወዲ በዅራይ ንጉስ ናይ ብኹሉ
ዓቢ ዳዕሮ ንሃገር ጽላሉ
ከማኹም ክውለድ'ዩ ኣይተስግሉ
ንፉዕ ዝኾን ይፍለጥ ኣብ ማሕዘሉ።
መዝገቦ ሃይሉ ይግባእ ክለዓሉ
ኣብርሃ መድህን ይግባእ ክለዓሉ፡
ነጋሽ ሳግላ ንጉስ ናይ ብኹሉ
ምስ ተመልሶ ቐለተ ኔሮም ዋዕላ'ውዕሉ
ምስ ብርሀ ኣሸራ ኔሮም ዋዕላ'ውዕሉ
ስጋኻ ደምካ እናተበሃሃሉ
ብባህረጃን ሜስ ይዕደሉ።
ብወርቂ ዋልታ ኣብ ሰራየ ክድብሉ
ብወርቂ ዋልታ ኣብ ሓማሴን ክድብሉ
ሸው'ንድዮም ነጋሽ ነጋሽ ዘበሉ

ብማሰኦም ሽጉጥ ዝዕደሉ
ብኸእለቶም ኔሮም ክብ ዝበሉ።
ወዲ ስሂን ሓያል ብሓያሉ
ብጕልበቶም ሰብኡት ዝዕብሉሉ
እምኒ ሓይሊ ሰፍሲፎም ዘዝልሉ
ኣብ ቅልጽሞም ዝሰብሩ ጨላሉ፣
ፍርዲ ኣምላኽ ይግባይ ዘይትብለሉ
ሰብ ኣይሙት መዘከር ዘይብሉ
ወግዒ ጠፍአ ነጋሽ ተኸዊሉ
ኣይተ ወልደድንግል ወድኹም ተቐበሉ
ኣብ መንግስተ ሰማይ ሓቢርኩም ኣዕልሉ።

ኣቦኦም ንኣቶ ነጋሽ፡ ኣይተ ባይራኡ ስሂን ማሰኛ ምንባሮም ይዝንቶ። ይኹን'ምበር፡ ኣቶ ነጋሽ ብቈልዓኦም ኣይተ ባይራኡ ስለ ዝሞቱ ኣቦኦም ማሰ ክብሉን ክልቅሱን ኣየርከቡሎምን። ኣይተ ባይራኡ ከም ዝበሉዋ ብተባህለ ዝተነግረቶም ከም ኣብነት ናይ ማሰን መልቀስን ወላዲኦም ዝጠቕሱዎ ዝነበሩ ግጥሚ ግን ኣላ። ንሳ ኸኣ እዛ ስዒባ ምስቲ ዝተባህለትሉ ኩነታት ቀሪባ ዘላ ማሰ እያ።

ብሃብቶምን ልግሶምን ፍሉጥ ዝነበሩ ከንቲባ ደሱ ካሕሳይ (ሳግላ) ጓል ባሕረጋስ ምላሽ ደረስ (ሎጎ ሳርዳ) ንወዶም ከምጽኡ ንሳርዳ መርዓ ምስ ወረዱ ብዙሓት ማሰኛታት ማሰ እንተ በሉ ባሕረጋስ ምላሽ ከም ኣቦ ጓልን ተቐባል ጋሻን ምቕልል ኣብ ክንዲ ዝብሉ፡ እቲ ማሰ ግዲ ዘየዕዝቦም ኮይኑ ነቲ ወራዲ መርዓ ከበዱዎ። ብትርኢት ሓሙኦም ልቦም ዘይቀሰነሎም ከንቲባ ደሱ፡ "ኣንታ ኣይተ ባይራኡ ወዲ ሓወይ በጃኻንዶ ነዞም ሓሙና ኣሓጕሰልና፡" ምስ በሉዎም ከኣ እዮም ኣይተ ባይራኡ ነዚ ማሰ'ዚ ዝገበሩ።

**ልብኻ ኣይበቀል**

ባሕረጋስ ምላሽ
ለባም ኢኻ እዝጊ ከይጸልእ
ሃብታም ኢኻ እዝጊ ከይጸልእ
ደቂ 'ሓኻ ክወርዳ ከለሊዕ
ዓረብ ጕራደኻ ነብሲ ይበልዕ
ጠበንጃኻ ሕቡኣት ዝቐልዕ
ኣጽግብ ኣብለና ቅድሚ ቕልዕ
ብዘይካና ይኽልኣልካ ባልዕ።

ባሕረጋስ ምላሽ
ሽኻል ሓጺን ኢኻ ዘይንቀል
ስሚንቶ ጠላይን ዘይፍንቀል
መብራህቲ ኹልና ሓዊ መስቀል
ደስ ይበልካ ልብኻ ኣይበቀል፣

ምስ በሉዎም፣ ባሕረጋስ ምላሽ፣ ፍሽኽ ኢሎም ገጾም በርሀ። ወዮም ወራዶ መርዓ'ውን ፈኹሶም። ብርክት ዝበለ ማርያ ተሬዛ ኣቕራሽን ለጋዓት ምስ ሽደነንን ኣግዚሞም ከኣ ኣፋነዉዎም።

ኣቶ ነጋሽ ዝመራሒኦም ሰለስተ ደቂ ኣይተ ባይራኡ ከም ኣቦኦም ክእለት ማሰን መልቀስን ከም ዘጥረዩ ይዝረበሎም። ምዕባዮም ንኣቶ ነጋሽ ወይዘሮ ብስራት ባይራኡ መላቐሲት ምንባረን ድሮ ኣብ መእተዊ'ዚ መጽሓፍ ተዘሪቡሉ'ሎ። ምንኣስ ኣቶ ነጋሽ፣ ኣቶ ኣድሓኖም ባይራኡ'ውን ደሓር ኣይቀጸሉዎን'ምበር ጽቡቕ ማሰን መልቀስን ክገብሩ ጀሚሮም ኔሮም ይብሃል።


ኣቶ ጠዓመ ደስታ፣ ንማሰን መልቀስን ብዝምልከት ብዛዕባ እንዳ ኣይተ ባይራኡ ክዛረቡ ኸለዉ፣ "እንዳ ኣይተ ባይራኡ ማሰን መልቀስን ይኾነሎም፣ ክፍሎምኡ ኤሩ። ኣቦኦም ዋላ'ኳ እንተ ዘየርከብናሎም ሉባ ማሰኛ ኔሮም ይብሃል። ነጋሽ ነጋሽኡ ብሃገሩ ዝፈልጦ። ብስራት ንፍዕቲ መላቐሲት ኤራ። ብቓናኣ ይኹን ፍረ ነገራ ዘይፈትዋ ኣይነበረን። በዓልቲ ሓዳር ዓዲ ዓዲ ኸይዳ ከተልቅስ ሓያልኡ ዝነበረ። ብዘይ መጠን በላሕ ኮይና'ምበር፣ ሰብኣያ ግራዝማች ገብረእግዚኣብሄር እምነቱ በዓል እምባብደሓን ሰብ በብዝመቶ ቅበርና ተባሂላ ከተልቅስ ይደልዩ ኣይነበሩን። ብርትዕ ዝበሉ ሰብኦም ኔሮም። ብዝኾነ፣ ንሰም እናዓን ቀጺዋ ንሳ ኸዓ ሻላ ሓይላ እናጠሓሰት ክሻዕ'ዚ ማሰን መልቀስን ዳርጋ ዝተረፈሉ እዋን ደርጊ ኣርኪባ። ኣድሓኖም፣ ኣስር ነጋሽ ተኸቲሉ ኣብ ማሰን መልቀስን ግርም ሰጒሙ ኤሩ። ክልቲኦም ማሰኛታት ክኾኑ ግዲ ዘይደለየ ኾይኑ፣ ነጋሽ፣

'ኣድሓኖም ሓወይ
እዛ ማሰ ትኹን ንሓዲና
ኣብኣ ዲና ክንጥረፍ ኩልና

'ዛ ማሕረስ'ውን ትኹን ንሓዲና
ንመን ደኣ ክንገድፎ'ዩ ሓዳርና፤'

ኢሉ ማሰ ምስ በለሉ ግን፡ ኣድሓኖም፡ 'ንኣኻ ውሰዳ ማሰ፡' ኢሉ ገደፈሉ፤"ይብሉ።

ነጋሽ ሳግላን ገብረመድህን ብስራትን፡ ብዕድመ መዛኑ፡ ብትውልዲ ኸኣ ክልቲኦም መስሓል (ወደከለ) ዝመበቈሎምን ጥቓ ጥቓ ዝዓበዩን ኣብ ርእሲ ምኻኖም ከይተፈላለዩ ክሳዕ መወዳእታ ሰማንያታት ዕድሚኦም ኣብ ሓደ ኸባቢ ክነብሩ ዝተዓደሉ ማሰኛታት ስለ ዝኾኑ ኣዝዮም ዝፋለጡ ሰብ ሞያ እዮም። ከምኦም ብልደ ይኹን ብሞያ



ካብ ጸጋም ንየማን - ገብረመድህን ብስራት፡ ነጋሽ ባይራኡ (ኣብ ኣስመራ - 1957)

ብሓባር ዓብዮም ንኽንድ'ዚ ዝኣክል መዋእል ኣብ ነንሓድሕዶም ዝተዋስኡ ካልኣት ማሰኛ ታት ዝነበሩ ኣይመስሉን። ብማንታ ክምስሉ ዝኽእሉ ሓደ ፍሉይ ጽምዲ እዮም። እቲ ኣብ መመድረኹ እንረኽቦ እናተቐባበሉ ዝብሉዎ ዝነበሩ ብርክት ዝበለ ማሰን መልቀስን ድማ መርኣያ ናይቲ ሓንሳእ ሓንሳእ ብውድድር ሓንሳእ ሓንሳእ ከኣ ብምንእኣድ ዝመላለሱዎ ዝነበሩ ቅጽበታዊ ማሰን መልቀስን'ዩ ።

ኣብ ሓደ ኻብቲ ኣብ እዋን ምሸምጋሎም ዘልዓሉዎ ዕላላት፡ ኣቶ ገብረመድህን ንኣቶ ነጋሽ፡ "እንታይ ኴንካ ኢኻ ንሞት ብዙሕ ትፈርሃ፧" ምስበሉዎም፡ ኣቶ ነጋሽ፡ "ከመይ ደኣ ዘይፈርሃ ኣንታ ገረመድሂን ሓወይ። ክንደይ ሰባት ንኣይን ንኣኻን ክፈላልዩና ፈቲኖም ኣይኮነሎምን። ከም ቀደምና ተኸባቢርና ብሕውነት ንነብር ኣለና። እዛ ርግምቲ ሞት እንተ መጺኣ ግን፡ ከይፈቶና ክትፈላልየና እያ። ሕሰቦ'ሞ እዚኣ ዘይተፈርሀት ደኣ መን ይፍራህ!" ኢሎም መለሱሎም። ከምታ ዝፈር ሁዋን ዝጸልኡዋን ድማ፡ ንሳ ፈላልያቶም።

ካብ ኣቶ ነጋሽ ቁሩብ ንእስ ዝብሉ ወዲ ዓዶምን መተዓብይቶምን ኣቶ ኣብርሃ ደስታ ትዕዝብቶም ክገልጹ ኸለዉ፡ "ደቂ ኣይተ ባይራኡ፡ ወዶም ጓሎም በላሕቲኦም። ካብኦም ከዓ እንሆ፡ 'ነጋሽ ሳግላ' ኣቢሉ ነዛ ንእሽቶ ዓድና ኣብ ሃገር ዘስሚ ዓቢ ማሰኛ ተረኺቡ። ኣቶ ነጋሽ፡ ውሕልነቱ ኣብ ማሰን መልቀስን ጥራይ ኣይነበረን። እቲ ቐደም፡ ዕሉል ማሰኛን መላቐስን ኮይኑ ፈቐዶ ውራይን ቀብርን ምጋሽ ከየምጽአ ዝሰርሖ ዝነበረ መናብርን ነማ ሳእንን ኢደ ሰለሙን ዘብልኡ። ነጋሽሲ እዝጊ ሂቡዎ መልሓሱ ይኹን ኢዱ ፍጥር ክብል ወሓለኡ፡" ይብሉ።

ኣቶ ነጋሽ በቲ "እዝግሄር ዝሃበኒ ሃብትን ጸጋን" ዝብሉዎ ዝነበሩ ክእለት ማሰን መልቀስን ምስ ሰብ ዝተቐያየሙሉ ጊዝያት ውሑድ ከም ዘይኮነ ይገልጹ ነበሩ። ሓደ ኽልተ ካብቲ ዝተፈጥረ ምቅይያም'ኳ ካብ ቊጽጽሮም ወጻኢ ብዝኾነ ምኽንያታት ዝሰዓበ ምኻኑ ምስናይ ጣዕሳኡ እንተ ሓበሩ፡ እቲ ኻልእ፡ ብቐዳምነት ናይ ዝመጸም ዕድመ ወይ ቅበረና ተባሂሉ ዝተኣወዮም ቀብሪ ዘይኮነስ ማሰ ዝብሉሉ ውራይን ዘልቅሱሉ ቀብርን ብምምራጽ ንገሊኡ ኣቐዲሙ ዝበጽሖም ዕድመታት ደንዲኖም ይገድፉዎ ብምንባሮም ዝመጸ ምኻኑ ብግልጺ ይዛረቡሉ ኔሮም።

"ምስዚ ኹሉ ክእለቱ፡ ነጋሽ፡ ዘጻዕደወኡ ዝፈቱ። ድኻታት ኣዝማዱ ገዲፉ እንዳ ሃብታማትን ሹመኛታትን ማሰ ኽብልን ክልቅስንኡ ባህ

ዝብሎ ...” ዝብል ሒመታን መረረን ይውረዮም ኔሩ። ንሶም ከኣ፡ ነዚ ወቐሳ'ዚ፡ “ኣነ፡ ማሰይን መልቀሰይን ሰሚያም ነጋሽ ከምዚ በለ ክብሉ ዝኽእሉ ለባማትን ምሁራትን ኣብ ዝውዕሉዎ ዓበይቲ ውራያትን ቀብርታትንእ ዝርከብ ኔረይ። ማሰኦም ይኹን መልቀሶም መደያይቦ ዘለዎ ብመንፍዓት፡ ብልቦና፡ ብሽመት ወይ ብሃብቲ ኣየ ዘብል ማሰ ወይ መልቀስ ክግበረሎም ዝክኣል ሰብ ታሪኽ እንተ ኾይኖምእ ዝኽዶም ዝነበርኩ። ከተልቅሰሉ ዝደፋፍኣካ ዘደንግጽ ኣማውታ'ውን ኣሎ። እምበር ብሽም መርዓ ተገብረ ማሰ ኽብል፡ ብሽም ሰብ ሞተ ክልቅስ እደሊ ኣይነበርኩን። መሪጸአ ማሰ ዝብል ወይ ዘልቅስ። ካልእ ዝንገር ታሪኽ ንዘይብሉ ወለዶ ጥራይ ምጽብጻብ'ሞ እንታይ ጥበብ ኣለዎ። ነጋሽ ጥቕሚ ደልዩኡ እንዳ ሃብታማት ወይ ሰበ ስልጣን ማሰ ዝብልን ዘልቅስን ኢሎም ዝሓምዩኒ እረ ኣብ ኣፈይ ዝዛረቡኒ ሰባት'ውን ኣለዉ። ሻላ'ዛ እዝግሄር ዝሃበኒ ሃብትን ጸጋን፡ ነጋሽ በለ እናተባህለ ክድገም ዝነብር ታሪኽ ነጊረይ ጥቕሚ እንተ ረኺብኩ'ሞ እንታይ ኣበሳ'ለዎ፡” ብምባል ይምልሱሉ ነበሩ።

ነጋሽ ሳግላ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበሮም ፈጠራዊ ተውህቦ ንዕብየት ሞያኦም ለይትን መዓልትን ዝሓሰቡ ጻዕራም ሰብ'ውን'ዮም ኔሮም። ዝበዝሕ ጊዜኦም ንማሰን መልቀስን ዝሃቡ ማዕረ ብኡ ክነብር እኽእል'የ ኢሎም ዝሓሰቡ ዝነበሩ ክቱት ማሰኛ ኸኣ ነበሩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ ኣብቲ ብሉጽ ማሰን መልቀስን ክፍርዩሉ ዝኽእሉ ዝነበሩ ኣዝዮም ዝበሰሉሉ ዕድመ፡ ምስ ምምጻእ ደርግ ብዝሰዓበ ኩናትን ዕግርግርን ሞያኦም ን15 ዓመታት (1975 -1990) እንተ ዘይኮለፍ ሎሚ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ዝስነድ ፍርያቶም ካብዚ ዘሎ ኣጸቢቑ ምበዝሐ። ብሰንኪ'ቲ ምዕባለ ባህልን ስነ ጥበብን ዝሓለኸ ኵነታት'ምበኣር፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ካብ ወዲ 54 ክሳዕ ወዲ 69 ዓመት ዝኾኑ ሞያኦም ከዘውትሩ ኣይከኣሉን። “ኣብቲ ዓመታት'ቱይ፡ ካብ ዛላንበሳ ወጺአ፡ ዓዲ ዓዲ ኸይደ ማሰ ኽብልን ክልቀስን ይትረፍ፡ ኣርሒቐ'ውን እሽይን ኣይነበርኩን፡” ብምባል ድማ ነቲ ብኣፎምን ብእግሮምን ዝሓዞም ኣገዛዝኣ ደርግ ብምረት ይገልጹም።

ኣቶ ነጋሽ፡ ኣብ ዓውዲ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ብማሰን መልቀስን ብዝገበሩዎ ውህሉል ኣበርክቶ ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2005 ንማሰኛነቶም ተፈላጥነት ዝህብ ፍሉይ ሽልማት ተቐቢሎም።

ብዝስማዕ ዝነበረ ማሰታቶም፡ ዝፈልጡዎም ዝነበሩ ስሙያት ማሰኛታት ብምርኣዮም ዝተሓጉሱ ነጋሽ ሳግላ ኣብቲ ዳስ ክምዚ ኢሎም ማሰ በሉ።

**ዝመጹ ተመሪጸም**

ክመንደፈራ ዓረት ዝመጹ ተመሪጸም
ክኣሽራ ዝመጹ ተመሪጸም
ክመዓርዳ ዝመጹ ተመሪጸም
ብሩር በትሮም ወርቂ ዝመወጸም
እንካብ ኮኸሒ ዝወጹ ፈሊጸም
ኣብ ግራማፎና ሰሚዕናዮ ድምጸም
ኣብ ጋዜጣ ሰሚዕናዮ ድምጸም
እንቋዕ ረኣናዮ ኮላይ ገጸም።

ሽቃ በርሀ ገብረመድህን ትቕብል ኣቢሎም ክምዚ ኸብሉ ንነጋሽ ሳግላ ሞሳ ዝሀብ ማሰ ገበሩ።

ኣታ ነጋሽ ወዲ ነጋሽ ወዲ
ንስኻ እንድኻ ማሰኛ ኣብዚ ዓዲ
ንስኻ ኢኻ ኸኣ ኣቦ ወዲ
ሽደን ኣምሪሕና በራዕዲ
ገዝሚ ክንበካ ኢና ብፈቓዲ።

ቀጺሎም ድማ ባሻይ ተመልሶ ቐለተ፡

ግደፍ በርሀ ተጋጊኻ ሎሚ
እዚኣዶ ትደሊ እያ ገዝሚ
ጓል ክንቲባ ፍሱሕ'ንድያ ዓቢ ዓጽሚ
ጓል ባሻይ ገረየሱስ ዓቢ ዓጽሚ
ጓል ተመልሶ ገረየሱስ ዓቢ ዓጽሚ
ጓል ኮረኔል ገረማርያም ዓቢ ዓጽሚ
እዚኣዶ ትደሊ እያ ገዝሚ
ዓሰርተ ሽሕ ይኣኽሎ ንሎሚ፤

ብምባል መለሱሎም።

ተመልሶ ቀለተ፡ ካብ በርሀ ገብረመድህን ዝተፈልየ ሓሳብ ዘለዎም ተመሲሎም "እዚኣዶ ትደሊ እያ ገዝሚ" ክብሉ ከም ዘይጸንሑ፡ "ዓሰርተ ሽሕ ይኣኽሎ ንሎሚ" ኢሎም ምስ ዛዘሙ፡ ባሻይ ረዳ ገብረየሱስ ዝበሃሉ መስሓል (ወደከለ) ዝዓዶም ወረጃ እንዳ'ባ ኣብ ማእከል ብዙሓት ሹመኛታት ክፍ ኢሎም፡ "ትሰምዑዶ ኣለኹም መኳንንቲ ዓደ'ቦይ ድሮ ማሰኛ ኾይኑ ኣብ ማሕበርም ኣእትዮሞ። ደቂ ባይራኡ ዓሰርተ ሽሕ እንተ ተገዚሞም ደኣ እዚ ዕስራ ዓመት ብኾፎም ክበልዑኦም በሉዎም'ምበር!" ክም ዝበሉ የዘንትዉ ኣቶ ነጋሽ። ክምቲ ባሻይ ረዳ ብልክዕ ዝገለጹዎ ድማ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብዚ ሓያሎ ምስሌነታት ይኹኑ ካልኦት ሹመኛታት ዝተረኽቡሉ ውራይ በቶም ዝና ዝነበሮም ማሰኛታት ናይቲ እዋን'ቲ ተፈላጥነት ምርካቦም ኣብ ደንበ ማሰኛታት ኣእተዎም። ነቲ ዝተኸፈተሎም በሪ ተጠቒሞም ኣሰር ናይ'ቶም "መምህራነይ" ዝብሉዎም ክኢላታት ብምኽታል ብማሰ ይኹን መልቀስ ጽቡቕ ሰጕሞም ቀልጢፎም ዝና ኽረኽቡ ክም ዝኸኣሉ ኽላ ነቲ ወርቃዊ መድረኽ ሞይኦም ብናፍቖት እናዘከሩ የዕልሉ።

❁

ነጋሽ ሳግላ፡ ሓደ ትራንኮኒ ዝብሃል መማህእቲ ጣልያን ምስ ተሳዕረ ብንግዲ ኣብ ሰንዓፈ ዝናበር ዝነበረ ኢጣልያዊ፡ ኣብ ጊዜ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣብ መርዓ ኣቶ ግርማይ ዘነን ወይዘሮ ተመርጻ እምባየን ኣብ ዘግፈት (ሽመጃና) ናይ ፖሊስ መኰንን ንዝነበሩ ጓዕቲት ዝዓዶም ኢንስፔክተር ዘነ ንጉሰ (ኣቦ መርዓዊ) ሓመድ ዝተጸየቐ ክዳኖም ክንግፈሎም ምስ ረኣዩ፡ ነዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ።

**ወይ ጣልያኒ**

ትራንኮኒ ኣንታ ትራንኮኒ
ጐይታ ከመደረ ተኻል ወይኒ
ጐይታ ሽጉጥ ኢኻ ጐይታ ኣልቢኒ፡
ወይ ጣልያኒ ኣቱም ወይ ጣልያኒ
ኣቲኹምዶ ናብ ምንጋፍ ክዳኒ
ኣሰይ ኣሰይ ነዚ ዘርኣኻኒ!

ትራንኮኒ፡ "እንታይ እዩ ዝበለ፧" ኢሉ ሓተተ። እቶም ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ "'ተኻል ወይኒ ... ጐይታ ኣልቢኒ' እናበለ ንኢዱካ" ኢሎሞ። ተሓጒሱ ንኣቶ ነጋሽ ሽዑ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ገንዘብ ሽሊሙ ክውስኾም ንገዝኡ ክመጹዎ ሓበሮም።

ሓደ ኻልእ ሰብ፡ "እንታይ ኢሉ ኢልካ ኢኻ ሽሊምካዮ፧" ኢሉ ሓተቶ ንትራንኮኒ። "'ተኻል ወይኒ፡ ጐይታ ኣልቢኒ' ኢሉኒ ግዲ!" ኢሉ ኸኣ መለሰሉ። እቲ ሰብ፡ ኣቶ ነጋሽ፡ መጀመርታ ዝንእዱዎ ተመሲሎም፡ ነገፍቲ ክዳን ሓበሻ ኳንኩም ተረፍኩም ኢሎም ብጠላይን ከም ዘላገጹ ምስ ነገሮ ግን፡ ትራንኮኒ፡ በቲ ዝሸለሞም ተጣዒሱ ከምቲ ዝበሎም ንገዝኡ ክመጹዎ'ሞ ከዋርዶም ተጸበየ።

ነቲ ክውስኹካ እየ ዝበሎም ሰልዲ ደልዮም ንገዝኡ ከም ዝኸዱዎ'ሞ፡ "ላድሮ፡ ካቲቮ!" እናበለ ብጸርፊ ከም ዝተቐበሎም፡ ንሶም ከኣ፡ "ኣልግስ፡ ቀደም ዝተጸረፍናዮ ይኣኽለና፧" ኢሎም ብበትሪ ክድርዑዎ ከም ዝተወጣወጡ ዘዕልሉ ሰባት ኣለዉ። ኣቶ ነጋሽ ግን፡ ነቲ ብተርጐምቲ ተደናጊሩ ዝሃቦም ገንዘብ ምስ ቈለቡ፡ ግብሮም ፈሊጦም ንገዝኡ ገጾም ከም ዘይተቐልቀሉ እዮም ዝገልጹ።

❂

ኣቶ ነጋሽ፡ እታ ኣብዚ ቐዳማይ መድረኽ ኣጸቢቓ ዘፍለጠቶም መልቀስ ብታሕሳስ 1953 ኣብ ቀብሪ ደግያት ዘውደ ሓጐስ (ዘግፈት) ወየ ዝበሉዋ ምኻና ይዛረቡ። ምሉእ ቤተ መንግስቲ ኣስመራ፡ ካብ መቐለ'ውን ራእሲ ስዩም ዝወዓሉዎ ቕጽሪ ዘይብለን መካይን ዝመጸሉ ኣዝዩ ዓቢ ቐብሪ ከም ዝነበረ ድማ ይዝክሩ። እታ "ነጋሽ ዘበልኩላ" ዝብሉዋ መልቀስ እምበኣር እዚኣ እያ።

**ጸሎት መዳፍዑ**

ንጉስ ሞተ ጸሎት መዳፍዑ
ደበና ዓረገ ማይ ወቒዑ
ዝደረቐ መሬት ኣለሚዑ
ገረብ ዝነበረ ሓዊ ኣብሊዑ
ርስቲ ተኺሉሎም ንቑላዑ፣
ብደግያት ዘውደ ኣይትንብዑ
ብፈተና ዓለም ድሕሪ ረትዑ

ይኽዱ'ምበር ናበይ ክሕብኡ
ሞት ኣዳም ቀደም ተሰሪዑ።

መሬት ብባቱራ[1] ተበንቀረ
ኣፍራስ መጻ ዘይበልዓ ጥረ
ንጕይቶተን እንተ ጠየቕና ወረ
ስገም ያኢ ኣይበልዓን በንዚና እምበረ፣
ሰብስ'ኳ ጮማ ምተደረ
እትናብለ[2] ንህበን ሽገረ።

ክልተ ሳዕ ተፈጥረት ሓበሻ
ካብ ዘበነ ባርነት ምሉእ ስሳ
እዘን ዓሰርተ ዓመት ደኣ ይሕሻ
መሬት ብማኪና ተሓሪሳ
ሽመጃና እንተ ኸኢልኩም ጋሻ
ዝባን ዘግፈት ኮይኑ'ሎ ብያሳ፣
ጕይታይ ደገዝማቲ ኣይገደፉን ጣዕሳ
ሓንቲ ራእሲኣ ተሪፋቶም ንሳ
ንዕኣ'ውን ካብ ደቆም ይወርሳ
መሬት ወላድኣ ክትብል ንርእሳ።

ጕይታይ ደገዝማቲ ጕይታይ'ባ
ወዮ እንክትከዱ ንኣዲስ ኣበባ
ጃንሆይ ክብሉኹም ወረ ሃባ
ክትብሉዎም ኩላ ተላዚባ
ብኢዶም ክህቡኹም ወርቂ ኻባ፣
እምበይተይ ሓጐሽከ[3] ማርያም ሰባ
ካብዚ ንደሓር 'ታይ ትሓስባ

---

[1] ባቱራ = ቬቱራ (vettura) ካብ ዝብል ማኪና ወይ ብመካኒካዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ነገር ዝትርጉሙ ናይ ጣልያን ቃል ተወሲዱ፣ ብተዛረብቲ ትግርኛ ንናእሽቱ መካይን ዝተዘውተረ ሓፈሻዊ መጸውዒ።

[2] እትናብለ = ነቲ ብቛንቋ ጣልያን ንእሽቶ ማኪና ዝትርጉሙ "ኣውቶሞቢለ" ዝብል ቃል ተኪኡ ዝዝውተር ዝነበረ ቃል ተዛረብቲ ትግርኛ።

[3] ወይዘሮ ሓጐሽ፡ሰበይቲ ደግያት ዘውደ እየን።

ተዓጠቓ ደአ ተሸብሸባ
ፍጹም ብርሃን ክኸውን አበባ
ግዛዕ ምዛዕ ከይተሰናኸባ
ኣብ ሳልስቶም ቀልጢፍክን ሰዓባ።

ሃብታም፣ ሕያዋይን ሓቀኛን ንዝነበሩ ኸንቲባ ደሱ ኻሕሳይ (ሳግላ) ኣብ ሓደ ውራይ ኣቶ ነጋሽ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉሎም።

**መን ከም ደሱ**

ከመ'ለኹም ከንቲባ ደሱ
ሸዳውንኩም መረብ ዝሕምብሱ
መኻኸትኹም ገረብ ዝጥሕስሱ
ኣናህብኩም ከም ዝናብ ዝፈሱ
እንጌራ ዝደለየ ይወስድ ቈሪሱ
እኽሊ ዝደለየ ይወስድ ሓፊሱ
ጤል ዝደለየ ይወስድ ጕሲሱ
ኩሉ ይልግስ'ሞ መን ከም ደሱ።

ወዲ ኸንቲባ ፍሱሕ ወዲ ካሕሳይ
ኣቱም ወዲ በኾራይ ወዲ ካሕሳይ
ኣብ እንዳ'ቦ ዘይትገብሩ ውሳይ
ንስኡን ትብሉዎ ንዓ ምሳይ
ንዕኑቕ ጸዊዕኩም ኣልባሳይ
ኣካ ኸኣልኩማ 'ዛ ነብሲ ምጕሳይ።

ውሩይ ማሰኛ ዝነበሩ ባሻይ መዝገቦ ሃይሉ (ኮኾባይ) ኣብ መወዳእታ 1952 ኣቢሎም ምስ ሞቱ፣ ኣቶ ነጋሽ፣ ነቶም "ከምዚ ናቶም ማሰን መልቀስን ክኢለዶ እርኢ'ኸውን፡" ዝብሉሎም ዝነበሩ በዓል ሞያ ከምዚ ኸብሉ ኣልቀሱሎም።

## መዝጊብ ሃይለ

ከመይ ኢልኩም ውዒልኩም መዝጊብ ሃይለ
ሎሚ ኣይግበዘልኩምን እንተ ኸኢለ
ከልቀሰልኩምአ ልሳነይ ስሒለ፡
መጸበቒ እንዳ'ቦ መዝጊብ ሃይለ
ልቦም ሰፊሕ መልሓሶም ወሓለ፡
ምናዳ ምናዳ ወደከለ
ቀቢሩኩም ጐይታይ እናበለ
ኣሽንኳይ በጽሒ እግሪ ዝተኸለ
እምኒ መጸ እናንከባለለ
ሓደ የልቦን ዓዲ ዝወዓለ፣

ምናዳ ምናዳ ሰብ ኣብዕረ
ተመሪሑ መጸ ዝዓወረ
ተደጊፉ መጸ ዝተሰብረ
'ቲ ጥዑም ሞያኹም እናዘከረ፣

ምናዳ ምናዳ ሽመጃና
ኩሉ ሓውኩም፡ ሓደ የልቦን ጓና
ኣፍራስ መጸ ኮኽሒ እናዳሮና፣

ምናዳ ምናዳ ዓዲ ጕልቲ
ኣሽንኳይ ሰብ ኣይተረፉን ከብቲ፣

ምናዳ ምናዳ ጉሎ መኻዳ
እዛ ዓዲ'ዚ ኣስ'ንካ ስልጣንኡ ልማዳ
ኣሽንኳይ ጐበዝ ዝረገጸ ጓዳ
ህጻን ኣይተረፈን ህጻን ላንዳ
ግደፍ ሰቦም ኣፍራሶም ዓበዳ፣

ከመይ ኢልኩም ውዒልኩም መዝጊብ ሃይለ
ብ"ለ" ጀሚረ ክጭርሻ ብ"ለ"
ሞይቱ ኣይብሃልን ከማኹም ዝበለ
ጋይም እንተ ሞተ ጋይማት ምስ ተኸለ

ስርዓትኡ ዝተደላደለ
ኣባጅነይ ሎሚ ነይበደለ!

ሽመጃናን ወደከለን ኢደት ብእትብሃል መሬት በብጊዜኡ ይብኣሱ ነበሩ'ሞ ሓደ ኻብ'ቶም ኣብ ሓደ እዋን ብጉዳይ ኢደት ወዳእቲ ነገር ወደከለ ዝነበሩ ክኢላ መጓትን ወረጃ እንዳ'ቦን ምንባሮም ዝንገረሎም ባሻይ ረዳ ገብረየሱስ (መስሓል) ምስ ሞቱ፡ ምስቲ ኣብቲ ዝሞቱሉ ወርሓት መሊሱ ተላዒሉ ዝነበረ ነገር ኢደት ኣተኣሳሲሮም፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱሎም።

### ባሻይ ረዳ

ባሻይ ረዳ ከመይ'ሎም ወዓሉ
ደሓንዶ ውዒልኩም መዓር ቃሉ
ትኽዱ,ያ'ለኹም ሓባእ ሓይሉ፡
ወዲ ገረየሱስ ወዲ ቝርጺ ሃይሉ
ወዲ ገረኣምላኽ ወዲ ቝርጺ ሃይሉ
ወዲ እምነቱ ወዲ ቝርጺ ሃይሉ
ወዲ ወለኺዳን ወዲ ቝርጺ ሃይሉ
ወዲ ኣይተ ስእሉ ወዲ ቝርጺ ሃይሉ
እግሪ ሓርማዝ ዝኸይድ ኣንጠልጢሉ
ቋንጣ ኣንበሳ ዝኸይድ ሰቒሉ፡
ወዮ ነገር ኢደትዶ ከዓ ተላዒሉ
መንከ ነገሮም ረዳ የለን ኢሉ
እሞ ወደከለ ርግእ ደኣ በሉ
ረዳ ኸይዱና'ልኩም ኣይተስግሉ
ረዳ እንተ ሞተ ረዳ'ህሉ
ንቕድም ናብ እዝጊ ተማህለሉ
ብድሕሪኡ ንጉስ ተኸተሉ
እንካብ ሓያል ብመድፍዕ ዝዓሉ

ስርዓትኡ ዘድክም ብሸንሸሉ[1]
በዓል መሰል ኣይጠፍኣን መሰሉ
ሕጊ ኸህበናኡ ደቀ'ቦ ኸልኪሉ።

❁

ብ1 መጋቢት 1896 ኣብ ውግእ ዓድዋ ውዒሎም፡ ጣልያን ምስ ተሳዕረ ዕጫ'ቶም ብዙሓት ብሰራዊት ሃጸይ ምኒልክ ዝተማረኹ ኤርትራውያን ዓሳክር በጺሑዎም የማነይቲ ኢዶምን ጸጋመይቲ እግሮምን ተቘሪጾም ባሊዲ[2] ኮይኖም ዝነበሩ ብላታ ተላ ገብራይ (መስሓል ወደክለ) ምስ ሞቱ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

## ኣባ ምረት

ብላታ ተላ ኣባ ምረት
ወጨፎ በትርኹም ሓያል ብረት
ሓሸከር ሰንጋል[3] ኢላ ምስ ፈከረት
ፈቐዶ ጫካ 'ናሓደረት
ውሕጅን ገደልን እናሰገረት
ኣንበሳን ሓርማዝን እናኾበረት
ኳዕቲት ተመሲሓ ዓድዋ ዝተደረት።

ካን ተመሊኽኩም ኣባ ምረት
ኣብየት ኣብየት ኣብ ሞት ዘሎ ድፍረት
ዕዙዝ ዝነበርኩም እንካብ ፍጥረት
ሎሚዶ ነብስኹም ምስ ሰብ ማዕረት።

❁

[1] ብሸንሸሉ = ብሰንሰለቱ (ሸንሸል፡ ሰንሰለት ማለት'ዩ)።

[2] ብቛንቋ ጣልያን "ኢንቫሊዲ" ስንኩላን ማለት ክኸውን ከሎ፡ ካብዚ ኣበሃህላ'ዚ ተበጊሱ፡ ባሊዲ፡ ብትግርኛ እግሩ ወይ እግሩን ኢዱን ንዝተቘርጸ ሰብ ዝገልጽ ቃል ኮይኑ ክሳዕ'ዚ ቐረባ ጊዜ ክዝውተር ጸኒሑ።

[3] ብላታ ተላ፡ "ሓሸከር ሰንጋል" ኢሎም ዝፍክሩሉ ዝነበሩ ምኽንያት፡ እቲ ቕድም ኣብ ሰራዊት ደግያት ባህታ ሓጐስ ክለዉ፡ ብቐረባ ብሰንጋል ሓዎም ይእዘዙ ስለ ዝነበሩ እዩ ይብሃል።

ኣብ ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ ረጂስትራር ዝነበሩ ባላምባራስ ምሕረትኣብ ኣስፍሃ ኣብ መስከረም 1954 ዘናብ ዝብሃላ ሓውቶም ኣብ ሕርሲ ምስ ውላደን ተለኻኺመን ምስ ሞታ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ጥቓ ዓዶምን ዓደ'ኮታቶምን ኣብ ዝኾነት ኮኾባይ፡ ኣኮኦም ናይ ዝብጽሑዎም ቀረባ ዘመድ ቀብሪ ገዲፎም ንባላምባራስ ምሕረትኣብ ከኽብሩ ኢሎም ንዓዲ ቐይሕ ቀቢሮም ከምዚ ኽብሉ ኣልቀሱለን።

**ሓው ክኢላ**

ሓንሳእ ክንነግረላ ጫቝጫቝ ኣይትበላ
ይወኣኒ ሓራስ ተበዲላ
ተቜጽያ ኣብታ ምዕንጋላ
ዘይትተርፍ ግብሪዶ ኽፌላ
እንታይ ኣህጸጸ እንታይ ኣሸኰላ
ከይተዕቢ ቈላው ሓዚላ
ደቃ ከይተመርዑ ዳስ ተኺላ
መልቀስዶ መሪጸ እንካብ ጓይላ
መልቀስ ካብ መረጸት ከልቅሰላ
ኣብ ኮኾባይ'ማ ዓባይ ቀብሪ ኣላ
እንዳ'ቦ ግዲ መጸት ተማቒላ
ገለ ብማኪና ሰላዲ ኽፌላ
ገለ ብፈረሳ ብጅንጉላ
ኣነ ኽዓ ቀቢረ እንካብ ሳግላ፡
በሊ ደሓን ኩኒ ሓውቲ ምሑር ሽላ
ገሊኦ ትስእን ሬሳ ዘላዕላ
ንገሊኦ ኩሉ ይጓየየላ
ከምዙይኡ ዝቕበር ሓው ክኢላ።
ቈልዓ ሳእሉ ጓል ደግያት ጉፍላ
ቈልዓ ኣቶይ ጓል ደግያት ጉፍላ
ቈልዓ ኣስፍሃ ጓል ደግያት ጉፍላ
ካብ ዝኸደን ቅጭን ዘይጐደላ
ባልጃኣ ገመል ዘይተልዕላ
ኮይኑዋዶ ዕድመኣ ኣኺላ
ብሰለስተ ሜትሮ ተጠቕሊላ

ብታሕቲ ሓመድ ክንዲ'ንሶላ
ብላዕሊ ኸዓ ደናጉላ፡
ኣኼታ'ዛ ሞት'ሞ እንታይ ኢና ንብላ
ዘይትርህርህ ንሓራስ ንናጽላ
ዘይትፈርህ ሃጸይ ንጉስ ኢላ
ንኹሉ ትፈርድ ኣደላዲላ
ሓደ ኣይትገድፍን ፈውሲ ማሕላ
ከም ሰቡ'ኳ ሞይቱ ማቱሳላ፣
እንካብ ከደት ኣምሪሓ ዕሽላ
ስጋስ መሬትኡ መበቈላ
ነዛ ነብሳ እዝጊ ይቀበላ
ካብ ምድሪ'ውን ሰማይ የሕሽላ።


❁

ኣብ እዋን ፈደረሽን፡ ኣብ ሓደ ኣመሓዳርነት ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ንደግያት ደሞዝ ሓጐስ ክወሃብ'ዩ፡ ኣይፋሉን ንደግያት በራኺ ህብትዝጊ'ምበር ዝብል ወረ ዓብሊሉ ዝነበረሉ ቅንያት፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብ መጠራ ኣብ ዝተገብረ ሓደ ዓቢ ውራይ ንደግያት ደሞዝ ከምዚ ኢሎም ማስ በሉሎም።

**ከመዓልካ ሉባ**

ሉባ ኸመዓልካ ሉባ
ምንጭብጫብ ኩላእ ኣንጨብጪባ
ከም ደሞዝ'ሞ መኣሰይ ትዒባ፡
እንታይ ኮይናእ እዛ ኣዲስ ኣበባ
ዘይትህበካ ኣድግና ተገለባ
ሕንጊድ ላሕሚ ሓሊብካ ካብ ጡባ
ንጃንሆይ ዘስተኻዮም ጸባ
ከም ጻዕርኻስ ንሳ'ኳ ጸቢባ።

❁



ነጋሽ ሳግላ ኣብ ጊዜ ጕብዝናኦም

፨

ነጋሽ ሳግላ፡ ፊተውራሪ ወልደሚካኤል ቢሉዎ (ዓዲ ቐይሕ) ኣብ መጀመርታ መስከረም 1962 ብሕማም ሞይቶም ክቕበሩ ኸለዉ፡ ምስ'ቶም ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣቢሎም ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1962 ኣብ ታሕታይ ዓላ ማለት ጭወት ግራት ክኾሉ ምስ ወፈሩ ብውሕጅ ዝሞቱ ፊተውራሪ ገብረመድህን ብርሃነ (ኣዥሩር) ብምንጽጻር ከምዚ ኸብሉ ወየ በሉሎም።

**መኣስ ይስንበዶም!**

ብኣከለ ጌረዱ ክዥብኩባ
ሰገነይቲ ምስናይ ማዕረባ
ብደጉዛይ ጌረዱ ክዥብኾባ

ሰገነይቲ ምስናይ ማዕረባ
ዴናይ ሌጓይ ጌረ ክዥብኵባ
ሰገነይቲ ምስናይ ማዕረባ
እንድሕሽ ብዝብሉዋ ጠዋይ ኵርባ
ንመኪና በንዚናኣ ኣጽጊባ
ንዓኹም ክትቀብር'ዚ ኹሉ ትዒባ።

ወለንኪኤል ቢሉዎ ነቺልኩም ዛየዶም
ፊተውራሪ ገረመድህን ኮይኖም መኻይዶም
ብሓደ ግዲ ይሰትዩ ኔሮም ሜስ ኣውሪዶም
ሓንቲ ግዲ ኔራ ኮይና 'ታ መኣዶም
እንድሕሪ ኽዱ ሸዳውን ወሊዶም
ንኽምዚኦም መኣስ ይስንበዶም
ዝስንበዶም ኣለዉ ኣብ ዓዓዶም
ወይ ዘይደቀሱ ኣብታ ንእዶም
ወይ ዘይተላበዉ ንዘመዶም
ካብ በረኻ ውሕጅ ዝወሰዶም።

✿

ኣሪጎም ዝነበሩ ወረጃ እንዳ'ቦ ኽንቲባ ንጉሰ ፍስሓ (ሰርሓ)፡ እቶም ወሩይ መላቐሲ ናይቲ ምሉእ ከባቢ ዝነበሩ ባሻይ መዝገቦ ሃይሉ (ኮኾባይ) ድሕሪ ምማቶም ንገለ እዋን ጸኒሖም ምስ ሰዓቡ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

### ከንቲባ ንጉሰ

ኬድኩምዶ ኽንቲባ ንጉሱ
ሰሜን ደቡብ ዝመጸ ገስጊሱ
ሰሓብ በቕሉ ተቐበል ፈረሱ
መላቓሶ ዓጢቕኩም ኣልቅሱ
ካብ ሎሚ ሓሊፎም መኣስ ክምለሱ።

ኣንስትዮ ዘበልክን ተቐነታ
ተባዕትዮ ተኣንገቡ ዋልታ፡

ኣቱም ጐይታና
ምዉት ደአ ኣይፋኖን ብዕልልታ
ምዉት ደአ ኣይስነን ብጸወታ
እምበር ናትኩምስ ጽቡቕ ኣማውታ
ፍትሒዶ ኸኣቱ ኣብ ለቒታ ።

መሓዛ ኸንቲባ ደስታ ሰብ ዓንተቦ
መሓዛ ብላታ እምነቱ ሰብ ዓንተቦ
መሓዛ ኸንቲባ ኣብሻ ሰብ ዓንተቦ
መሓዛ ኸንቲባ ሓጐስ ሰብ ዓንተቦ
ንሞያኦም ክሳድ ክርከቦ
ጸውዑሎም ንባሻይ መዝገቦ
ጽዋ ኸነግሩሎም በላዝቦ
ካብ ዝራብዕ እንጊሁ ብህቦ
ተስታይ ይሕሸ ቀትሪ ዝሰሓቦ። [1]

✿

ወይዘሮ ገብርኤላ ባርያዝጊ ኣዲኦም ንቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ብለካቲት 1957 ምስ ሞታ፡ ኣብ ሰገነይቲ ኣብ ዝተገብረለን ቀብሪ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩለን።

ወርሒ

ወርሒ ኸደት ጸሓይ ምስ በረቐት
ብወለዳ ቀደም 'ተመረቐት
ተቓሊሳ ደቀ'ቦ ዘውደቐት
ታሪኻ ጸሓፉዎ ኣብ ወረቐት
ሽማ ኸትነብር እናደመቐት።

ደሓን ኩና እምበይተይ መዓር ኣፈን
ደቅኖኸን በኸያ ኣዝረፍሪፈን

[1] ነጋሽ ሳግላ፡"ካብ ዝራብዕ እንጊሁ ብህቦ - ተስታይ ይሕሸ ቀትሪ ዝሰሓቦ፡" ክብሉ ኸለዉ፡ ካብ ኣነ ኣጸቢቐ ዘይፈልጦም ብዕድመ ዝነኣስኩ መላቐሲ ዝገብረሎም ነዊሕ መልቀስ፡ ቁም ነገሮም ዝፈልጡ ባሻይ መዝገቦ ዝገብሩሎም ምጡን መልቀስ ምበለጸ ማለቶም'ዩ ።

መሓዙትክን በኸያ ኣዝረፍሪፈን
መን'ሞ ኣብ ጉድጓድ ዘይድፈን
'ተን ንጌታ ዘዕቢያ ሓቑፈን
ማርያም'ኳ ሓመደን ለኺፈን
እንታይ ደኣ ወደን ዘየትርፈን።

ኣቶ ነጋሽ፡ ፍሉጥ ምስሌነ መነኹሰይቶን ከባቢኦን ዝነበሩ ኣዝማች ስብሃቱ ባይሩ ብለካቲት 1961 ሞይቶም ኣብ መነኹሰይቶ ክቐበሩ ኸለዉ ከምዚ ኺብሉ ወየ በሉሎም።

**እምባን ጸግዕን**

ጕይታይ ከመዓልኩም እምባን ጸግዕን
ዓደ'ቦኹም ዓጋመን ሳዕሲዕን
መዛግብኩም ኣብ ጽሒድን ኣውሊዕን
ኣባትርኩም ትርሽን መድፍዕን
ሎሚ ደኣ ኹንኩም ንፍልሖን ንብልዕን
እምበር ሓደ ኣዳራሽኩም እሰርን ውቓዕን
ሓደ ኣዳራሽኩም ፍረድን ስራዕን
ሓደ ኣዳራሽኩም ጥበስን ብላዕን።

ጕይታይ ከመዓልኩም ጕይታ እልፊ
ኣቱም ወዲ ባይሩ ጕይታ እልፊ
ኣቱም ወዲ ተስፋይ ጕይታ እልፊ
መነኹሰይቶ ሕዘኒ ብሕልፊ
ጽግኢ ኔርኪ ከይትኾኒ ገርፊ
ኣብ'ዛ ሃገር ዘለኺ ጸሓፊ
ኣብ ሓደ መእዲ ተጠረፊ
ኣብ ሓደ መስዋእቲ ተወከፊ
ንዳሕረዎት ከይጸንሖም ጸርፊ።

ኣቶ ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብ ጊዜ ፌደረሽን ናብ ምድርባ (ጉሎ መኻዳ -ትግራይ) ቀብሪ ክይዶም ምስ'ቶም መዋቲ ሓዊሶም ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ሕምስምስ ዝበለ ፖለቲካዊ ኵነታት ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሉ።

**መከራ በላዕና**

እምበኣር መላቓሶስ በዚሖም እምዊ
እንካብ ቀበርና ሓንሻበይ ክንጸዊ፡
ኣቱም ደቂ ዕሸት ናይ እንዳ'ቦ ሓላዊ
ደቂ ደምባይዝጊ ናይ እንዳ'ቦ ሓላዊ
መዓኸንኩም ጨጓርፍ ዘዋዊ
ኣጋንእኩም ሓራምዝ ዘርዊ
ካልእ ጥዑም ኔሩ ብሻላ ግርማዊ
ኣረ እንታይ ንበሎ'ዙ ጠባይ ጊዝያዊ
ብንግሊዝ ዝተናኸሰት ሓዊ
መከራ በላዕና ብሓሳዊ
ሓንቲ እንተ'ቕናዕካ ሓንቲ 'ጠዊ
ሰሙን ዘይትፋቐር ምስ ፈታዊ
ካብ'ዙይ ሓሊፍና'ሞ እንታይ ክንጸዊ
ባርኹና ካህናት ደቂ ሌዊ!

❁

ምስሌነ ዝባውንቲ (ከባቢ ዓዲ ቐይሕ) ዝነበሩ ባሻይ ተስፋይ ወዲ ደግያት በየነ (ተኾንዳዕ) ብጥሪ 1962 ብሕማም ሞይቶም ክ'ቕበሩ ኸለዉ፡ ሽዑ ኣዝማች ዝነበሩ ኣቦኦም ኣምሪሮም ክበኽዩ ዘስተብሃሉሎም ነጋሽ ሳግላ፡ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩ።

**ተኣበዱ**

ኣዝማች በየነ እምብዛ ኣይትዕበዱ
ብንጉስ ምድሪ መኣስ ተፈሪዱ
ብሓያላት መኣስ ተቐይዱ
ብኣምላኽ'ዩ ተሓርዩ ኸይዱ፡

ባሻይ ተስፋይ ግዳ ወሊዱ ዘሚዱ
መርዓዊ'ኳ ዝመውት ኣብ ንእዱ
ዝገደደ ርእኹም ተኣበዱ።

ተኸእ ዝብሃላ ሳግላ ዝዓደ'ቦኣን ጓል ግራዝማች ደስታ ደሱ ደድሕሪ ሞት ሰበይቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ እተጌ መነን፡ ብ1962 ኣብ መንብሮ (ወደከለ) ብሕማም ሞይተን ክቐበራ ኸለዋ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱለን።

**ርግቢ**

ርግቢ ሞይትኪዶ ርግቢ
ጓል ከንቲባ ደሱ ኩባ ተሓጻቢ
ጓል ግራዝማች ደስታ ኩባ ተሓጻቢ
ጓል ባሻይ ባይሩ ኩባ ተሓጻቢ
(...)
ሽደኖም ዝወስድ ተዓሳቢ፡
ጨካን ደኣ ኳንኪ ተራር ልቢ
እምበር ኣይትብልንዶ'ዞም ደቀይ ከዕቢ
ሓደ እግሪ ተኸሊ ሓደ'ጠቢ
ቅጫ እንተ ሃብካዮ ጸባ'ኣቢ፡
ዝበልኩኺ ኣይትብልንዶ'ዞም ደቀይ ከዕቢ
እዝጊ ጸዊዑዎኽ መን ይኣቢ
እተጌ'ኳ ዝወጻ እንካብ ግቢ
ዘብዕኛ እንከሎ ምሉእ ክቢ
ግዳ'ቱ ወሓለ መቓብር ጸራቢ
መለኮተን ርእዩ ዘይኣቢ።

ዳዕባ ከመ'ለኺ ዳዕባ
ብመዓር ዝዓበኺ ብጸባ
በጅቦ ዝዓበኺ ብጸባ
ክንደይ ሓዘን'ኮ'ሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ
ብህዝቢ ከም ኮነ ብኣኼባ

ኣእላፍ ሰራዊተን ምቐረባ
ብእምኒ ከም ኮነ ብጐርባባ
ከም ማይ ኣይሂ ቦምባታት መዝነባ
እንኳን ሞትስ ሕማም ነይመቕረባ
ዘይትተርፍ እዝጊ ዝሓሰባ
ብሞትን ሕልፈትን የሎን ሉባ።

✿

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1958 መጀመርታ ራእሲ በየነ በራኺ (ኣርባዕተ ኣስመራ) ሞይቶም ኣብ ሳልስቶም ኮማንዳቶረ ሳልሕ ኣሕመድ ኬክያ ስዒቦም። ደግያት ደሞዝ ሓጐስ (ምሳርሓ) ኽኣ ንኮማንዳቶረ ሳልሕ ኣሕመድ ኬክያ ክቐብሩ ንሕርጊጎ ምስ ወረዱ ኣብ መንገዲ ብሓደጋ ማኪና ሞይቶም። እዞም ሰለስተ ዓበይቲ ሹመኛታት ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ጊዜ ተኸታቲሎም ምስ ሞቱ ድማ፣ ነጋሽ ሳግላ፣ ኣብ ቀብሪ ደግያት ደሞዝ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ።

**ራእስን ደገዝማትን**

እንዳ ሳልሕ ኬኪያ ከይዶም ክድብሱ
ጽንዓት ይሃብኩም ኢሎም ክምለሱ
ማኪናኦም ሒዞም ክብገሱ
ካብ ጽርግያ ናብ ጸድፊ ዘልገሱ
ፍሬኖኦ ዲዩ ተበጢሱ
ወይ ቀዳማይ ጎማኦ ተተኲሱ፤

ሓደው ኣብ ኲናት ተታኸሉሱ
ሓደው ብግቡእ ኣብ ገዛ ሃሪሱ
እምበር ጅግናዶ ይመውት ተጐርቢሱ
ዓይኒ መዓር ኣብ ባይታ ፈሲሱ
ኣልቂስካዶ'ሞ ህዪ ትምለሱ
ኮይኑዎኡ ደጊም ተጠሪሱ፣
ወዮም ዘዕበዩኹም እናኸሎስኩሱ
ወለድኹም'ምበኣር ክጥቀሱ።

ከመ'ለኹም ምሳርሓን ዘግፈትን
ደሓን ዲኹም ኣሕፍስን ቢሓትን
ከመይ ኢኹም ፍቕያን በራቒትን
ኣቦታትኩም ገረኣምላኽን ቃላትን
ቀዳሞትኩምዘርእሓንስን ቃላትን
ወለድኹምሓጐስን ቃላትን
እምበርማ
ዓዲ ኣይወዓለን ሰብ ካብ ድንገትን ሞትን
እዛ ወርሒ'ዚኣስ ኣይወርሓትን
እዛ ሰሙን'ዚኣስ ኣይሳምንትን
ከይገበርና ሳልስትን ራብዕትን
ወዲኣቶም ራእስን ደገዝማትን።

እሙን ዓስከር ራእሲ ስዩም መንገሻ ዝነበሩ ቀኛዝማች ተላ ገብረጻድቕ (ኮኾባይ) ምስ ሞቱ ንትግራይ ክሳብ መቐለ መርድእ ከይዱ ቅበሩና ተባህለ። መቐለ ምስ ደንጐዩ ግን ተሪፎም'ዮም ዝኾኑ ተባሂሉ ሬሳ ሓመድ ለበሰ። ጽንዓት ይሃብኩም እናተባህለ መቐለ ምሰ'ርከቡ ግን፣ ተዓጣቖ፣ "መቐለ መጺኦምኦም ኣብ ዘዘለኹምዎ ጽንሑ፣" ኢሎም ኣወጁ'ሞ፣ ነጋሽ ሳግላ፣ ከምዚ ኽብሉ ዳግማይ ኣልቀሱ።

## ጐይታና ቀነጅማት

ሰሚዕኩምዶ ጐይታና ቀነጅማት
መቐለ ኽዓ ኣርኪቦም ምስ ሓራማት
ዓጋመ ቐቢሮም ምስ ሓራማት
ኣውላዕሎ መጹኹም ምስ ሓራማት
ኣጽቢ'ውን ቀቢሮም ምስ ሓራማት
ኣቱም ወዲ ኣርዙ ወትሩ ሹማት
ኣቱም ወዲ ደበሳይ ወትሩ ሹማት
ኣልጋኹም መደገፍ ድኹማት
ብርቱዕ ሓድነም ከም ሓያል ክራማት

እንትርፊ ጻዕዳ ጣፍ ምሉእ ሴማት
እንትርፊ ጽሩይ ጠስሚ ሓሊብ ላማት
ጉቦ ዘይጠዓሙ ቅጫ ጸልማት፣
ዘየሎ ኸይኑ'ምበር ፈውሲ ምማት
ጃንሆይ መሕለፉልኩም እንተላማት።

❁

ኣብ ጊዜ ፈደረሽን፡ ተኪአ ብርሃነ ዝብሃሉ ኣብ መቐለ ሆቴል ዝነበሮም በዓል መጠራ መርዓ ጌሮም ንኣቶ ነጋሽ ንመቐለ ምስ ዓደምዎም፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ካብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ንሕብረት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዝጣበቕ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም ተበጊሶም ነዚ ዝስዕብ ማሰ ገበሩ።

**ሓያልኡ ትርጉማ**

ባንዴራ ኢትዮጵያ ሓያልኡ ትርጉማ
ቅናት ሰማይ ሰለስተ ቐለማ
ኣቦይ'ዝጊ ባዕሉ ዝሸለማ
እንካብ ባንዴራታት'ውን ንሳ ሒማ
ነዚኣዶ'ለዋ ዝቃወማ
ንኢትዮጵያ ደጊም ክይጠልማ
ንሳኡ ዝሃበና ፈርማ፣
ኣብ ማይ ጨው'ማ ፈተና ገጠማ
ጃንሆይ ደኣ ባዕሉ ተሰከማ
ጀነብራ ኣተወት ዓባይ ከተማ
ሎንድራ ኣተወት ዓባይ ከተማ
ንዝጊሄራ ኣፍሊጣ ጸገማ
መሰስ በለት ተጻዒና ግርማ
ኤርትራ ዓድና'ውን ክይዱኡ ሕሰማ
ጃንሆይ ንጉሳ በዓል ወርቂ ጋማ።
'ዛ ህዝቢ ሎሚ እንታይ የጕረምርማ
እንታይ ኮይኑኡ ዘይውዳእ መርገማ

ወዮ ማይ ጨው ረሲዓቶ ድማ
ኲናት ትሩቡሊ ረሲዓቶ ድማ
ውግእ ከረን ረሲዓቶ ድማ
ትግብርዶ ኣይነበረትን ዓጽመ ደማ
በጊዕዶ ኣይነበረትን መስዓር ጾማ
ማጕላ'ኳ ኣይትሕሰብን እንትርፊ ሌማ
ኣንስትና ክሓድራ ኣብ ቍዝማ
ግራትና እንክትነብር ለሚማ
እንቋዕ ደኣ ጠፍአ ንጉስ ሮማ
እምበር ኢትዮጵያስ ሰዲዳ ሕማማ።
ብላዕላይ ዘለኻ ስማ ስማ
ብታሕታይ ዘለኻ ስማ ስማ
ኣብ መዓንጣና ዓጢቕና ንሳለማ፡
ናይ ሃጸይ ዮሃንስ ዝጸንሐት ዓስበ ጻማ
ምእንታኣ ዝሞቱ ኣብ መተማ
ናይ ራእሲ መኰንን ዝጸንሐት ዓስበ ጻማ
ሕጸኣ'ምበር ዘይረኣየ ጋማ
ፍቓድ እዝጊ ኾይኑ ሕጂ ድማ
ዓለም ረኺብናያ ኣብ ሕጽቦ ደማ[1]
ተሰማሚዕና ሎሚ ንተምትማ።

✹

ሓንቲ ፈላሲት፡ ኣብ ቀብሪ ባላምባራስ ኣጽብሃ ተስፋስላሴ (እሕዝ)፡ "መልቀስ ሓጥያትኡ ግደፉ ኣይተልቅሱ!" እናበላ ኣብቲ ቐባራይ ዝወጸሉ ቕርዓት ክዞራን መላቐስቲ ክኾልፋን ዝተዓዘቡ ነጋሽ ባይራኡ፡ ወየ እናበሉ ጥሒሶመን ኣትዮም ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ።

[1] ሕጽቦ ደም = ሓንቲ ጓለንስተይቲ ወርሓዊ ጽግያታ ወዲኣ ምስ ወዲ ተባዕታይ እንተ ተራኺባ ንጥንሲ ድልውቲ ትኾነሉ ጊዜ እዩ። ነጋሽ ሳግላ፡ "ዓለም ረኺብናያ ኣብ ሕጽቦ ደማ፡" ክብሉ ኸለዉ'ምበኣር፡ ኲናትን ዕግርግርን ሓሊፉ ኣብቲ ፍረን ቁም ነገርን ዝርከቦ ጥዑም ጊዜ በጺሕና ማለቶም'ዩ ።

**ኣይፈርህን**

እነይ ኢታየ እነይ ኢታየ
መልቀስ ሓጥያት ኣለዎ ኣይንብልን እንድዒ
ወረጃኸ ይቀበርዶ ብዘይ ወግዒ
ህጡርከ ይፋኖዶ ብዘይ ወግዒ፣
ኣቱም ወዲ ተስፋላሰ ተሰማዒ
ፈታው ሕጊ ፈራዲ ሰራዒ
መላቸሲ ደኣ ይበዝሖ ኾይኑ ጽልኢ
ንሓደ እንተ ዘከረ ሓደ'ተርፎ ኣብ ጾግዒ
እምበር ኣልቂሰ ኸይሓጥእሲ ኣይፈርህን እንድዒ።

❁ ❁

ማሰኛታት ነጋሽ ሳግላን ገብረመድህን ብስራትን ብዕድመ ይኹን ሞያ መሳቱ እዮም። ኣብቲ ንጡፍት ማሰኛታት ዝነበሩሉ ጊዜ፣ ክልቲኦም ይከባበሩ ከም ዝነበሩ ይግለጹ'ምበር መወዳድርቲ'ውን እዮም ኔሮም።

ኣቶ ነጋሽ፣ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ መርዓታትን በዓላትን ብማሰ ዝመላለሱዎ ዝነበሩ ከምዚ ኢሎም የዘንትዉ።

"ገረመድሂን ብስራት፣ ዕባይ እቦይ ወለድንግል፣ ዕባይ ተመልሶ ቐለተኡ። ክፈትወካ ኸሎኡ ጥዑም'ምበር ትንክፍ እንተ'ቢልካዮ ካብ መዓቱ የድሕንካኡ ዘብል። ኣነ ከም ባህሪኡ እኸዶ፣ ንሱ ኸዓ ኣኸቢሩንን ስሒሉንንኡ። ኣብ ሓደ መርዓ ኣብ ድብድብ ማሰ ኸብል ጸኒሑ ኣነ ኣብቲ ዳስ እትው ክብል ምስ ረኣየኒ፣

'ሓንሻእ ስምዑ ላዕሊ ታሕቲ
እሸታ'ባ በሉ ላዕሊ ታሕቲ
እንጌራ ደኣ ክበልዕ ኢለዮ ማይ ክሰቲ
እምበር
እንድሕሪ መጺኡ ነጋሽ ደገዝማቲ
እንከይ ተኲሰለይ ጠያይቲ
መሕብእየይ ክእልሽ በዓቲ፣'

ኢሉ ብማሰ ዝተቐበለኒ ጊዜ'ውን ኔሩ። ፍናን ክህበኒ ኢሉ'ምበር ገረመድሂንስ ክሕባእ፣ ክሃድም! ሽሕ ሰብኣይ መጺኦምዎ'ኳ ኣይሃድምን፣ ምዑት እንድኡ ግዲ!"

## <u>ነጋሽ ባይራኡን ገብረመድህን ብስራትን ዝተመሳለሱዎ</u>

# ገብረመድህን ብስራት

እቲ ስፍሕ ዝበለ ታሪኽ ሂወት ማሰኛ ገብረመድህን ብስራት ዝቐርብ'ኳ ኣብ ካልኣይ መጽሓፍ "**ማሰን መልቀስን ቀዳሞት**" ምስቲ ኣኩብ ፍርያቶም እንተ ኾነ፡ ነዚ ምስ ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ እናተመላለሱ ወይ እናተቐባበሉ ዝበሉዎ ማሰኦምን መልቀሶምን ዘሰኒ ሓጺር ታሪኽ ሂወቶም እንሆ።

ኣቶ ገብረመድህን ብጥቅምቲ 1922 ኣብ ዓዳኸ ተወልዱ። ዓዳኸ፡ ጽርግያ ሰንዓፈ - ዛላንበሳ ሒዝካ ንደቡብ ክትከይድ ከለኻ ሓምቦኻ



ብእትብሃል ዓዲ ንየማን ማለት ንምዕራባዊ ወገን ናይቲ ጽርግያ ብምእላይ ጸዳፍ ቊልቊል ወሪድካ እትርከብ ከም ሳግላ ኣብቲ ዕምቖ ዝበለ ሓውሲ ቖላ መሬት ዝተደኰነት ዓዲ እያ። ዓዳኽ'ውን ከም ሳግላ

መስሓል (ወደከለ) ዝመፈጠራ ዓዲ ስለ ዝኾነት፡ ኣቶ ገብረመድህንን ኣቶ ነጋሽን ብመበቌል ደቂ ሓደ ዓድን ኣዝማድን'ዮም። ብዕድመ ብሓንቲ ዓመት ጥራይ ዝበላለጹ መዛኑ፡ ብሞያ ኸኣ ዳርጋ ጥቓ ጥቓ ማሰን መልቀስን ዝጀመሩ ኸኢላታት ብምዃኖም፡ ዋላ'ኳ ገጠር ገዲፎም ኣቶ ነጋሽ ኣብ ዛላንበሳ፡ ኣቶ ገብረመድህን ድማ ኣብ ሰንዓፈ ይቕመጡ እንተ ነበሩ፡ መዋእሎም ምሉእ ብዙሕ ከይተረሓሓቑ ዳርጋ ብሓደ ዘሕለፉዎ ዓበይቲ ማሰኛታት'ዮም። ኣቶ ነጋሽ፡ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ነቲ ምስ ኣቶ ገብረመድህን ዝተመላለሱዎ ማሰታት ከዘንትዉዎ ኸለዉ ኸኣ፡ ኣብ ክእለት ማሰን መልቀስን ኣቶ ገብረመድህን ዘለዎም ኣድናቖት ብምግላጽ ምስክርነቶም ክህቡ ንዕዘብ።

ኣቶ ገብረመድህን ብስራት፡ ጋእ ከይበሉ ነዋሕትን ዕምቈት ዘለዎምን ግጥምታት ናይ ምፍልፋል ፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም ውሩይ ማሰኛ እዮም። ብማሰ ይኹን መልቀስ ንኣቶ ነጋሽ ይኹን ንኻልኦት ዝህቡዎም ዝነበሩ ቅጽበታዊ መልስታት ድማ ማዕረ ኸንደይ በሊሕን መሃዝን ምዃኖም ዘርኢ እዩ። ኣቶ ገብረመድህን፡ ከም መዘናኦም ኣቶ ነጋሽ፡ ዕድመ ጸጊቦም ነዚ መጽናዕቲ'ዚ ሳላ ዘርከቡሉ ዕብይ ዝበለ ኽፋል ማሰኦምን መልቀሶምን ክስነደሎም በቑዑ ኣሎ።

ኣቶ ገብረመድህን፡ ኣብ ዓውዲ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ብማሰን መልቀስን ብዝገበሩዎ ውህሉል ኣበርክቶ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2005 ንማሰኛነቶም ተፈላጥነት ዝህብ ፍሉይ ሽልማት ወሲዶም።

ኣቶ ነጋሽ፡ ብዛዕባ'ቲ ኽልቲኦም ዝተበሃሃሉዎ ማሰ፡ ከምዚ ኽብሉ የዋግዑ።

"ሓደ እዋን ኣብ ዛላንበሳ፡ ፊተውራሪ ተሰማ ተስፋይ ዝበሃሉ ሃብታም ሰብኣይ ተስካር ወለዶም ጌሮም። እቶም ዝትስከሩ ዝነበሩ ምስ ሽምገሉ ዝሞቱ፡ ብሂወት ከለዉ ኸዓ ዘሕለፉን ዘትረፉን ብምንባሮም እቲ ውራይ ከም ጽምብል ተቘጺሩ ጮማ ተበሊዑ ሜስ ምስ ተሰትየ ማሰ በሉ ተባሂልና። ብዙሓት ካብ ከተማታት ኤርትራን ትግራይን ዝመጹ መኳንንቲ ኔሮም። ገረመድሂን ማሰ ይብለሎም፡ ንሳቶም ይሽልሙዎ፡ እቶም ርቡሕ ገንዘብ ዝሽልሙ ስብሑ ስብሑ ዝበሉ ጁባታቶም ክነግፉ ደልዮም። 'ወይለይ፡ ኣብ'ዞም መዝርኢ ብርስን ግራት ሂበካ'ለኹ ዝብሉ

ሓረስቶት'ባ ክወድ'ቕአ'ቃ' ኢለ ቁሩብ እንተ ረኽብኩ፡ ንሱ እናበለ ኸሎ ኣብ መንጎ ኣትየ 'ማሰ!' ምስ በልኩ፡

**ኣይትህጸጸ**

'ጽናሕ'ማ ነጋሽ ኣይትህጸጸ
ወደከለ ዝብለካ መጸ መጸ
ሽመጃና ዝብለካ መጸ መጸ
ወዲ ባይራኡ ካብ ሰብ ዝበለጸ
ወዲ ስሂን ካብ ሰብ ዝበለጸ
ካብ ጽርይቲ ኸርሲ ዝተሃንጸ
ካብ ኩሎም ክኢላታት ዝተመርጸ
ኣንበሳ ዝጥዕም እንተ 'ድመጸ
ኣስናኑን ኰርምቱን ዝቐርጸጸ
መልሓሱ ዝበልሕ ካብ መሳጸ
ነንስቲ ዘእምነን እናቐለጸ
መምስ 'ተመርዓወት እትቖጸ
ጊሓት ጊሓት ኣለኻ ትሕጸ፣'

በለኒ'ሞ፡ ኣብእ ኸሎ፡

**እንተ ዝቼርብ**

'ጽቡ'ቕዶ'ሞ ጊሓት ጊሓት ሕጸ
እንተ ዝቼርብ'ባ ምበለጸ
ናይዛ ዓለም ሃብቲ ምስ ሃጸጸ[1]
ናይዛ ዓለም ሽመት ምስ ሃጸጸ
ኣብ ሰማያት ገዛይ ምተሃንጸ፣'

ኢለ መለስኩሉ፡ ባዕለይ ነገር ከምጽእ። ገረመድሂን ከዓ፡ እቱ ሰጋእ እንከይ በልካ መልሲ ምሃብ ተዓዲሉዎ'ንካኡ፡ 'ክላ ነጋሽ እዙይ ኣይዘረባን!' እናበለ፡ ናብዛ ማሰኡ ኣትዩ፡

---

[1] ሃጸጸ = ጐደለ፡ ወሓደ፡ (መበቈል ናይዚ ቓል ግእዝ'ዩ።)

**እሰረለን ኢርባን**[1]

'ከላ ነጋሽ እዙይ ኣይዘረባን
ምስ ጕተና ኣየሳንን ቍርባን
ምስ ከበሮ ኣየሳንን ቍርባን
ከመይ ጌርካ ክትረኽባ ንቕርባን
ንሳ ኣይትቐርበካ ንስኻ ኣይትቐርባን
እናዘለልካ ካብ እምባን ናብ ሩባን
ሓሓሊፍካ ደኣ እሰረለን ኢርባን፣'

ምስ በለኒ፡ ዓቢኡ ንኡሱ፡ ሰብኣዩ ሰበይቱ ብዳሱ ሰሓቕ ሞይቱ።

"ጥሪ 1958፡ ሻለቃ ሀንጸ ተሰማ (ድብድብ) ንወይዘሮ ኣበባ ገብረማርያም (ጓል ሰበይቶም) ናብ ኣቶ ኣርኣያ ገብረመድህን (ሓሊቦ) ኣብ ኣስመራ ከመርዕዉወን ከለዉ፡ ኣንስቲ ኽተማ ዕምባባ ይመስላ፡ ኣሎ ዝብሃል ዘበን ኣምጽኦ ኽዳውንቲ ተኸዲነን፡ ተቘኒነን፡ ተሓኒነን፡ ተሸላሊመን ዓጠጥ ዝብል ጫማ ጌረን ነዛ ዓለም ክረግጽኣ ምስ ረኣኹወን፡

**በዓል ዊንታ**

'ኣትን በዓል ኣበባ በዓል ዊንታ
ንስኻትክንዶ ኣለክን መሰታ
ኣቡን ትወልዳ ኮላይ ጐይታ
እኳ ዘይትኽዳ ንሸመታ
ኣብ ውሻጠ ኧንክን እኸሊ ተጋልታ፡
ንስኻትክንዶ ኣለክን መሰታ
ሰብነትክን ክልተ ኣፈፌታ
ምናዳ ምንዳ ሓንቲ ቦታ
ካብ ቅጫ ትጥዕም እንካብ ጣይታ፡'

ኢለ ንኢደየን። ምስቲ ወደሳይ ጕብዝናን ጕተናን ኔሩኒ ፈትየናኒ ዓሊለናለይ። ብእኡ'ሞ መኣስ ተወዲኡ፡ ገረመድሂን ተሲኡ፡

[1] ኢርባን = ቀደም፡ ደቀንስትዮ ኣብ ላዕለዋይ ወገን እዝነን ዝስለማኦ ዝነበራ ዓይነት ስቕሬን።

**ክንብለለን መጠን**

'ወይዘራዝር ክንብለለን መጠን
ደቂ ሄዋን ክንብለለን መጠን
ይዋኣት ሃገረ ሰብ ሓሳር ዝጸቐጠን
ቁሩብ ዒልቦ ይርከብ ብመጠን
ቁሩብ መሸላ ይርከብ ብመጠን
ካዕቦ ዒልቦ ይሓድራ ለንቂጠን
ካዕቦ መሸላ ይሓድራ ለንቂጠን
ኣብ ዝባነን ቈልዓ ተሓንጊጠን
ኣንታ ነጋሽ እንታይ ኢኻ ተቐብጠን
ዓጣሮ ደኣ ይኸዳ'ወ ኣቐበጥቢጠን
ሰብ ሚስስ ይኸዳ ኣቐበጥቢጠን
የርእያኹም ክዳን ለለዊጠን
ይመጻኹም ገንበረን ወቂጠን
እንተ ኸዳ መቐመጫ ኣሕቢጠን
ነንበይኑ ይመስሎ ዘይፈልጠን
እምበር ምስ ኣቶኻስ ሓደኡ ውሽጠን
ኣሚንካ ሒዝካ ኹሉ ዘይጥንጠን፣'

ኢሉ ማሰ ብምባል ነተን ፉሕ ፉሕ ኣቢለየን ዝነበርኩ ኣንስቲ ገለ ዝሕጕሳ ገለ ዝሹርያ ጌሩለይ።"

❂

ዓሊ ማሕሙድ ደመና ብ1957 ዓል ብላታ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ ከምጽኡ ካብ ሰንዓፈ ናብ ኣቑርደት መርዓ ምስ ተወርደ፡ ነጋሽ ሳግላ፡ ነቶም ሓዎም ዘመርዕዉ ዝነበሩ ወዲ ጕደቦ ዓዶም ዝኾኑ በዓል ዑና ሓያማት ሱናባራ ማሕሙድ ደመና ከሐጕሱ፡

**ዋጋ**

ኣታ ወዲ ሚናፈረ በዓል ወርቂ ኣልጋ
ወዲ ገዓሶ በዓል ወርቂ ኣልጋ
ወዲ ማሕሙድ ደመና በዓል ወርቂ ኣልጋ

ብሕውነት ኢና መጺእና ብስጋ
ሎሚ ኣይንደልየካን ዋላ ሓንቲ ዋጋ፤

ኢሎም ማሰ በሉ። ገብረመድህን ብስራት ግን፡

ነጋሽ ሓወይ ተዛሪብካ ጌጋ
ኬድካዮ ዘይውዳእ ጽርጋ[1]
ብኻትርመ ዝረብረበ ዳንጋ
ኣውራ ሎሚ'ምበር ዘድልየና ዋጋ፤

ክብሉ፡ ሱናባራ፡ ማሰ ኣቶ ነጋሽ ሰሚዖም ብጥራዩ ከየፋንዉዎም ዝላቦ መልሲ ሃቡ።

❁

ክንቲባ ኸንፉ ወልደገብርኤል ዝብሃሉ ብጥሪት ይኹን ብእኽሊ ሃብታም ዝነበሩ በዓል ጉርጉር (ዘርኢ. ሞሲ) ኣዝዮም ሸምጊሎም ኣብ ተስዓታት ዕድሚኦም ምስ ዓረፉ ገብረመድህን ብስራት ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

### ክንቲባ ኸበዶም

ነቒልኩምዶ ክንቲባ ኸበዶም
በዓል ኣዝማች ንጉሰ መኻይዶም
በዓል ክንቲባ ልብሱ መኻይዶም
በዓል ክንቲባ ጎሹ መኻይዶም
በዓል ክንቲባ ደሱ መኻይዶም
ክንዲ ሰማይ ዝኸውን ሕዳዶም
ኣርብዓ ጸም ዝኸየድ ኣዕውዶም
ንድኻታት ዝውፈዮ ጉርዶም፡
ሓጋይ ምስ ክረምቲ ዘይውሕዶም
እንክጸንሑ ስብሕቶም ሓረዶም
ኣከለን ጉዛይን ዝእንገዶም።
ነቒልኩምዶ ክንቲባ ኸበዶም
እንቋዕ ደኣ ለቐቒላ ንእዶም

---

[1] ጽርጋ = ጽርግያ።

ባዕሎምእም ነቒሎም ተፈሪዶም
እምበር ሓያል ኣይረኽቡን ዘገድዶም
ተስዓ ዓመት በሊዖም መድሚዶም
ሚእቲ ዓመት በሊዖም መድሚዶም
ደጊም እንተ ሞቱ እንታይ ግዶም!
ኣርሓ ኸዱ ኣራሑ ወሊዶም
በርሀን ባሻይ ሃይሉን ዝውሉዶም
ገነት ሰማይ ይግበረሎም ዓዶም።

ንኣቶ ገብረመድህን ትቕብል ኣቢሎም ከኣ፡ ነጋሽ ሳግላ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩሎም።

**ከንቲባ ኸንፉ**

ደሓን ኩኑ ከንቲባ ኸንፉ
ከይብለኒ እንዳ'ቦ ኣበይ ተሪፉ
እምበር
ድሕሪ ገረመድሂን መልቀስ ዘይምልካፉ፡
ወጨፎኹም ከልተ ዝኣፉ
ሊሎ ሰማይ ዘውርድ ጸርጊፉ
ሸዳውንኩም ማይ ባድ ዝጽንፍፉ
ወሰን መረብ ወሪዶም ዘዕርፉ
ንኣራዊት ምራኽ ዘየልክፉ
ብበርከቶም ድኻታት ዝሓቑፉ፤
ከንቲባ ኸንፉ
ካብ ዘበን ውቤ ቁሩብተይ ዘትረፉ
ናይ ዘበን ቴድሮስ ዘምጽኡ ብጥሩፉ
ናይ ሃጸይ ዮሃንስ ዘምጽኡ ብጥሩፉ
ናይ ጣልያን ዘምጽኡ ብጥሩፉ
ናይ እንግሊዝ'ውን ሓንቲ ኸይገደፉ
ክትነብሩዶ ደኣ ሓደ ኣፉ
ተረሲዕኩም በይንኹም ክትተርፉ
ከም ዓለምኩም'ባ ሓመድኩም ልኸፉ።

❂

ባላምባራስ ምሕረትኣብ ኣስፍሃ ብጥሪ 1958 ኣብ ሰንዓፈ ዘማእም (ሓውቲ ሰበይቶም) ከመርዕዉ ኸለዉ፣ ኣቶ ገብረመድህንን ባዕሎም ኣቶ ነጋሽን ብማሰ ዝተበሃሃሉዎ፣ ነጋሽ ሳግላ፣ ብኸምዚ ይገልጹዎ።

"ገረመድሂን ወዲ ፊተውራሪ ብስራት ተሲኡ፣

**ምኽትል ጭቃ**

'ኣታ ወዲ ኣቶይ እንተ በልኩኻ ኣነ
ኣታ ወዲ ኣስፍሃ እንተ በልኩኻ ኣነ
ኣታ ወዲ ሎሬንሶ እንተ በልኩኻ ኣነ
በዛ ዓቕመይ ክኢለ ስኢነ
እምበር ነጋሽ እንኳ'ለካ ዝሰልጠነ
ነጋሽ ጭቃ ተመልሶ ምስሌነ
ምኽትል ጭቃ ኸዓ ኣለኹዎም ኣነ፣
እቲይ'ኳ ባዕለይእ ሓሊነ
እምበር ኣበይ ኣበይ ኢልና ክንጋነ
ሰብዶ ይቕሽሽ ኮይኑ ከይዛቔነ፤'

ኢሉ ብገዛእ ክእለቱ ነብሱ ኣትሒቱ ንባሻይ ተመልሶን ንኣይን ምስ ነኣደና፣

**ባዕልኻ ትሓልዮ**

'ገብረይ ከመዓልካ ገብረይ
እስኪ ሓንሻእ ኣጥመኒ ኢብረይ
ወለድኻ ክዝክር ቈጺረይ
ታሪኾም ኣለኒ ኣብ ሃገረይ
ብሰያባት ዓደይ ተመኺረይ፣
ገብረይ ከመዓልካ ገብረይ
በል ተመልሶስ ይበል ወዲ ኣምሂረይ[1]
ወለድንግል ይበሉ ወዲ ኣምሂረይ
መዝገቦ ሃይሉ ይበሉ ወዲ ኣምሂረይ
ካሕሳይ ሰምዲ ይበሉ ወዲ ኣምሂረይ

---

[1] ኣምሂረይ፡ ኣምሂረ ማለት'ዩ፣ ካብኡ ዝተፈልየ ትርጉም የብሉን። ኣብ ላህጃ ወደከለን ሽመጃናን ኣብ ሕሉፍ ጊዜ፣ ኣብ ቀዳማይ ኣካል ንጽል "ይ" መሊእካ "ከይደይ፣ መጺአይ፣ ኣትየይ፣ ወጺአይ ..." ምባል ዳርጋ ልሙድ'ዩ።

የማናይ በልካዮ ርእ ስረይ
ጸጋማይ በልካዮ ርእ ስረይ
ለበስኩ[1] 'ምበር ዘይተብሎም ቀረይ፣[2]
እዝጊ 'ሃብካ ሓወኒ መዓረይ
ብሻላኻ እንደኣለይ ከቢረይ
እምበር ተራ ሰብአ ከም ሃገረይ፡
ገረመድሂን ከመዓልካ ገብረይ
ኣካላተይ እንዲኻ መሓውረይ
እስትንፋሰይ እንዲኻ ጐረሮይ
መንጓድ ብዕራይማ ምሃብኩኻ ኔረይ
ባዕልኻ ትሓልዮ'ቲ ሓዳረይ፤'

ክብል መለስኩሉ'ሞ ተቐቢሉ ከምዚ በለኒ።

### ይገዱኒ ስድራይ

'ኣታ ወዲ ስሂን ወዲ በዥራይ
ኣታ ወዲ ባይራኡ ወዲ በዥራይ
ኣታ ወዲ ሓጐስ ወዲ በዥራይ
ክላ ዕረፍ ኣብርየኒ ታራይ
ሽመጃና እንተሎ ተፈካራይ
ብዘይካኻ ዘይብሉ መስካራይ
መድምዒ ሰብ ኣብ ክልተ ውራይ
ወደከለ እንተሎ ተፈካራይ
ብዘይካኻ ዘይብሉ መስካራይ
ኣከለን ጉዛይን እንተሎ ተፈካራይ
ብዘይካኽ ዘይብሉ መስካራይ
ሰራየ ሓማሴን እንተሎ ተፈካራይ
ብዘይካኻ ዘይብሉ መስካራይ
መድምዒ[3] ሰብ ኣብ ክልተ ውራይ
ኣፉ ምቁር ጐተናእ ኣምሓራይ፡

[1] ለበስኩ = ተረታዕኩ፡ ተሰዓርኩ።
[2] ቀረይ = ዝተረፈኒ ኣሎ፡ ነገረይ ክቕጽል'የ ።
[3] መድምዒ = መጸበቒ፡ መማዕረጊ።

እንድሕሪ ሂብካኒ እሺ ሕራይ
ጽባሕ ጊሓት እወስዶ'ቱ ብዕራይ
ክሓርሰሉ ዓጢቐ ሽራራይ
ጻዕዳ ስርናይ ክእትወሉ ጓራይ[1]
ካብ ስድራኻስ ይገዱኒ ስድራይ።'

"ቡቲ መልሱ ዘይሰሓቐ ሰብ ኣይነበረን። ካብ ኩሉ እታ ጐተና ኣምሓራይ ትብል ኣሕሚማትኒ፡ 'ኣብ ሃገርና ጐተና ከም ዝተሳእነስ ነምሓራይ ሂብካኒ!' ኢለዮ ተዋዚና። ናይታ 'ባዕልኻ ትሓልዮ'ቲ ሓዳረይ፡' ዝበልኩዎ ሽዓ፡ ዳርጋ ዓዲ ገዲፉ ምስ'ቶም ኣብ ጊዜ ፈደራስዮን መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሩ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል እጻጋጋዕ ምንባረይ ንሰብ ክነግረለይ ስለ ዝደለየ ኣልግብ ኣቢሉ ማሰ ኢሉ። ሰዶ ኢሉዎ ዳስ።

ሓንቲ ባዝራ[2]

'ኣታ ኣቶ ነጋሽ ደሞተራ
ኣታ ወዲ ባይርኡ ደሞተራ
ኣታ ወዲ ስሂን ደሞተራ
ወዮ ዓዲ ደእ ጌርካ ኣብ ኣስመራ
እምበር ምሃብኩኻ ኔረይ ሓንቲ ባዝራ
ክሳግላ ንሰንዓፌ ተዛውራ፡
ማያ'ሞ መን ይብላ ወይ ሓሰራ
ምናልባሽ እንተ ጠፍኣት ተባሪራ
እሞ ዝጠመየ ዝብኢ እንተ'ንገርገራ
ከዓ ከይብሉና ማል ዓዘራ
እምበር ምሃብኩኻ ኔረይ ሓንቲ ባዝራ።'

"ናይ ነገር ማሰኛታት፡ ኣነ ብዕራይ ኣይሃብኩዎ፡ ንሱ ባዝራ ኣይሃበኒ ንዕዱማት ኣስሕቕ ውዒልናዮም። ከምዚ ዝበለ እናተቐባበልና እንገብሮ ማሰ፡ ብዙሕ ስለ ዘዘናግዕ ህዝቢ ይሃርፎኡ ኔሩ። ሓድሽ ሓድሽ

[1] ጓራ = ሓደ ዓይነት ስርናይ።

[2] ባዝራ = ኣብ ጉዕዞ ኣዝዩ ቕልጥፍትን ከይዳ ዘይትደክምን ፈረስ።

እናምጻእና ኣይንምኖን ኔርና።

"ኣብ፡ ነንሓድሕድና እንመላለሶ ይኹን በበይንና እንብሎ ማሰ ወይ መልቀስ፡ ኩሉ ሻብ ንሰማዒ ዘደንቕ መሳጢ ግጥሚ ክነምጽእ ንሓንጎልና ክነስርሖ ንጽዕር ኔርና። ታሪኽ፡ ሕጊ፡ ሃይማኖት፡ ልምዲ፡ ትውልዲ፡ ኮታ በብዓይነቱ ኣነባባር እንዳ'ቦ ዝነግር ማሰን መልቀስን ምእንቲ ክንፍልስፍ [ክንምህዝ] ፍልጠት ሃሰው ንብል ኔርና። ቀደም፡ ከምዚ ሎሚ ቤት ትምህርቲ፡ መጻሕፍቲ ኣይነበሩን። ምህሮ ካብ ሊቃውንቲ ቤተ ክህነትን ተባህለ ዝብሉ ወራዙትንኡ ዝርከብ ዝነበረ። ካህናት ክስተምህሩ፡ ያታ ዝፈልጡ ለባማት ከዓ ተባህለ ክብሉ ኽለዉ ጽን ኢልና ንሰምዕ ኔርና። መን ኣሎ ፈላጥ እናበልና'ውን ልቢ ክንልቃሕ ንገዝእም ንኸይድ ኔርና። ባህ ኢሉዎም ከዓ ከዕልሉና ይውዕሉ ኔሮም። ሰብ ቀደም ኣበይ ይርከቡ።

"ከምቲ ገረመድሂን ብስራት፡ 'መድምዒ ሰብ ኣብ ክልተ ውራይ' ኢሉ ንኣይ ማሰ ዝበለለይ፡ ማሰኛታት ኣብ ክልተ ውራይ ተረኺብና መርዓ እንክኸውን ማሰ፡ ቀብሪ እንክኸውን ከዓ መልቀስ እናገበርና ንንዳ'ቦ ነጸብቕ ኔርና። እቶም ህዝቢ ዘመስግኖ ክእለት ኣለና እንብል ማሰኛታት፡ እንገብሮ ማሰ ይኹን መልቀስ ካብ ናይ ካልኦት ዝበለጸ ክኾነልና መን ከማይ ኢልና ተጠንቂቕና ኢና ነውጽኦ። ክእለትና ክውረየልና ስለ ንደሊ በብውሽጥና ንወዳደር ኢና። እንተ ብዛዕባ ምብላጽ፡ መዓልትኡ ዝህብ። ዝበለጸት መልቀስ ክትኮነለይኣ እናበልካ እንክለኻ ካብኣ ትሕልፍ መልቀስ ዘምጽእ ካልእ መላቐሳይ ናይታ መዓልቲ'ቲኣ ቀንዲ በዓል ዝና ይኸውን። መዓልቲ ክህበካ እንክሎ ኸዓ፡ እቲ ኹሉ ቐባራይ፡ 'ብቐደሙ ክኢላኡ'ሞ ሎሚ ዘልቀሳስ በይናኣ በይና!' እናበለልካ ንዓዱ ይኸይድ። መርዓ እንተ ኾይኑ'ውን ከምኡ ብማሰ። እቲ ተናፋቒ ናብራ ማሰን መልቀስን'ምበኣር ብኸምዙይ ኢና ሓሊፍናዮ። ..."እናበሉ፡ ኣቶ ነጋሽ ብዛዕባ ሞያዊ ተመኩሮኦም የዘንትዉ ነበሩ።

❁ ❁ ❁